# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.49 | ሰሉስ 27 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ሕማም ምንፍርፋር ክንከላኸሎ ይከኣል ዶ፧



ገጽ 4
ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣፍሪቃዊ ሕብረትን. . .

ገጽ 8
ዜማ ሃገርን ሃገራውነትን



ገጽ 9
ብከላ ድምጺ



ገጽ 11
ሻምፕዮን ኣፍሪቃ - ሄብሮን ነሓስ መዳልያ ኣምጺኡ




# ኤርትራውያን ነበርቲ ኡጋንዳ፡ ስዑድያን ግብጺን፡ ሰሚናራት ህዝባዊ መኸተ ኣካዪዶም

ኤርትራውያን ነበርቲ ካምፓላ - ኡጋንዳ፡ ጅዳ፡ ኣምሰን ኸሚሱምሸጥ - ስዑዲ-ዓረብ፡ ከምኡ'ውን ካይሮ - ግብጺ፡ መደባት ህዝባዊ መኸተ ንምስናዕ ዘለዎም ድሉውነት ኣረጋጊጾም።



ብመሰረት ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ኡጋንዳ ብ23 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ካምፓላ ኣብ ዘቃለዎ ሰሚናር፡ ኣምባሳደር መሓመድ ሱሌማን፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርን ዞባዊ ምዕባለታትን ዘተኮረ መግለጺ ሂቡ።

ኣምባሳደር መሓመድ፡ ዜጋታት ንቕሓቶም ብምብራኽን ሓድነቶም ብምድልዳልን ኣበርክቶኦም ክዕዘዙ መድረኻዊ ተልእኾ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ንሃገርም፡ ህዝቦምን መንግስቶምን ዘለዎም ጽኑዕ ደገፍ ብምንጻር፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ቀይሕ መስመር ከምዝኾነ ኣረጋጊጾም።

ብተመሳሳሊ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ጅዳ ኣቶ ዓብዱራሕማን ዐስማን ብ22 ጥቅምቲ ንኤርትራውያን ነበርቲ ጅዳን ከባቢኣን ኣብ ዘቖጸ ንህሉው ኩነታት ሃገር ብመንጸር ዞባውን ዓለማውን ምዕባለታት ዝምልከት መግለጺ፡ ህዝባዊ መኸተ ኣብ ንቑሕ ጥምረት ስለዝምርኮሱ፡ ውዳቤታት ክሕይል ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ኣሕመድ ጃዕፈር፡ ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣቶ ኣብርሃም ገብረማርያምን ቈንስል ሳምሶን ግርማይን ብወገኖም፡ ካብ 17 ጥቅምቲ ንኤርትራውያን ነበርቲ ደቡብ ስዑድያ ማለት ከተማታት ኣናማስ፡ ኸሚስ ምሸጥ፡ ኣ'ዳየር፡ ጀዛንን ከባቢኣንን ተመሳሳሊ ሰሚናራት ኣካዪዶም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ግብጺ ኣቶ ኣማን ዓብደልዋሰዕን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ መሓመድኑር እድሪሰን፡ ንኤርትራውያን ነበርቲ ካይሮ ተመሳሳሊ ሰሚናር ኣቃኒዖም።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶታት፡ ልምዓታውን መኸታውን መደባት ንምዕዋት፡ ከሉ ካብኦም ዝሕተት ንምምላእ ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሰዊዘርላንድ፡ ኢጣልያን ቐጠርን ዝነብሩ ዜጋታት፡ "ንኽተት፡ ሃገርና ንምክልኻልን ጸላእትና ንምስዓርን" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 23 ክሳብ 25 ጥቅምቲ ኣብ ህልው ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ዘተኮረ ህዝባዊ ሰሚናራት ኣካዪዶም።

ኣብ ሰዊዘርላንድ - ከተማታት ጀኔቭ፡ በርንን ዙሪኽን ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናራት፡ ካብ 24 ዞባታት ዝመጹ ብርክት ዝበሉ ተሳተፍቲ፡ ልምዓታዊ ጉስጓስ ኤርትራ ንምኽላፍ ይኹን ህላወት ኤርትራ ኣብ ሓደጋ ንምእታው ዝቖርብ ሃቐነታት ንምብርዓን፡ ከም ወትሩ ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሰዊዘርላንድን ቀዋሚ ወኪል ኣብ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጀኔቫን ካልኣት ኣህጉራውያን ትካላትን ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ፡ መኸተ ዝጸንሐ ባህልን ልምድን ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ታሪኽ ዘረጋግጾ ሓቂ ከምዝኾነ ብምብራሁ፡ ሕጂ'ውን ደጊሙ ክኽሉዕ እዋኑ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ እስማዒል መሓመድኑር ብወገኑ፡ ተራን ኣበርክቶን ራብዓይ ግንባር ኣብ መደባት መኸተ ርእሱ ግሉጽ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ከም ወትሩ መሳርያም ብምስጣም መደባት ህዝባዊ መኸተ ንምዕዋት ተሳትፎኦም ክዕዘዙ ኣዘኻኺሩ።



ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ኢጣልያ ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናራት፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣቶ ፍስሃጽዮን ጴጥሮስ ኣብ ሚላኖ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ ተኽለሰንበት ኢማም ኣብ ቶሪኖ፡ ሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣቶ ግርማይ ሃብተሚካኤል ድማ ኣብ ፓዶቫ ተረኺቦም፡ ኣብ ከባቢናን ዞባናን ተኸሲቱ ብዘሎ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታትን ከም ዜጋታት ዘለኩመና ሓላፍነትን ኣመልኪቶም ሰፊሕ መብርሂ ሂቦም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ኣ'ደውሓ - ቐጠር ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ኮሚቲ መኸተ፡ ኣቦመንበር ናይ'ታ ኮሚቴ ኣቶ መሓመድ-ዑስማን ሙሳ፡ ኣብ'ዚ ናይ መኸተ እዋን ደገፍ ኣባላት ማሕበረኮም ክዕዘዝ፡ ንጥሬታት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ክሕይል፡ ከምኡ'ውን ንቕሓትን ተሳታፍነትን ዜጋታት ክብ ክብል ጸዊዑ።

ኣምባሳደር ዓሊ ኢብራሂም ብወገኑ፡ ንወህደትን ምትሕግጋዝን ኣባላት ኮሚቲ መኸተ ብምምጓስ፡ ኣብ ምቅልጣፍ ትግባረ ዝወጽአ ሃገራዊ መደባት ብዝለዓለ ወኒ ክሰርሑ ተላብዩ።

## ርእሰ ዓንቀጽ

## መኸተ ከም ባህልን ክብረን

ህዝቢ ኤርትራ፡ ተጻባኢ ባህርይ ዘይብሉ፡ ዘይናቱ ዘይደሊ ጭዋ ህዝቢ'ኳ እንተኾነ፡ ብሰንኪ ዓይኒ ዝስሕብ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣኡን ጸጋታቱን፡ ብጻብኢ ግን ብዘይምኽኑይን ዘይሕጋውን ሸውሃት ናይ ቀረባን ርሑቕን ገበትቲ፡ ህላወኡ ንምርግጋጽ - ኢዱ ከይሃበ ንዘመናት ኣብ ቀጻሊ መኸተ ክጽመድ ዝተገደደ ህዝቢ'ዩ። ኣብ ታሪኽ ማእከላይ ዘመን ናይ'ዚ ዞባ'ዚ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ከም'ዚ ሎሚ ንፈልጠን ከይቆማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብኹሉ ኩርናዓት፡ እንተላይ ካብ ስግር ባሕሪ ብምምጻእ ዝፈታተንዎ ዝነበሩ ወረርቲ እናመከተ፡ ንስለ ሰብኣዊ መሰሉን ክብረቱን ዘቖጸ ናይ "ኣይግዛእን!" "ኣይርገጽን!" ሓርበኛነት፡ ስኑድን ዘሎብንን ታሪኽ'ዩ።

ኤርትራ ከም ሃገር ድሕሪ ምቛማ'ውን፡ ዝሓለፉ ልዕሊ 100 ዓመታት፡ ንህዝቢ ኤርትራ - መዋእል ቃልስን መኸተን ኣንጻር ወረርትን መስፋሕፋሕትን'ዮን ነይረን። ኣብ'ዘን ዓመታት፡ ህዝቢ ኤርትራ ንኹሉ ከከም ዝመጾ በዲሁ ክዕወት ዝኸኣለ ድማ፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ መኸተ ከም ባህልን ክብረን ስለዝማዕበለን ስለዝረዓመን'ዩ። ፖለቲካዊ፡ ባህላዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ጸጥታዊ፡ ብቐንዱ ድማ ኑብሰኻ ናይ ምክልኻል - ኣብ ንቕሓት፡ ሓድነትን ተሳታፍነትን መላእ ህዝቢን ዝተመርኮሰ ውተሃደራዊ መኸተ።

መኸተ፡ ካብ ስነ-ልቦና ይብገስ፣ ብእምነት ድማ ይድረዕ። እምነት ከኣ መሰረት ዓወት'ያ። እቲ ትማሊ "ዝመጸ ይምጻእ ወራሪ ኣብ ባርዕ ሰውራ ሓራሪ" ኢሉ፡ ኣብ ባዕሉን ውሽጡን ኣሚኑ ተኣምር ሰሪሑን ዋጋ ከፊሉን ናጽነቱን ልኡላውነቱን - ብዓቢኡ ድማ ሰብኣዊ ክብሩ ዘረጋገጸ ህዝቢ፡ ሎሚ'ውን ነቲ ባህሊ ኣብ ኩሉ መዳያት ይደግሞ ከምዘሎ፡ ኣብ ጉዕዞ 35 ዓመታት ናጽነት ዝተሓልፈ መድረኻት ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት፡ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዒላማ ዝገበረ፡ ብታህዲድን ፈኸራን ዝተሰነየ ናይ "ጠሓርኩኹም፣ ወሓጥኩኹም" ቅሉዕ ተጻብኦታት ስርዓት ብልጽግና ኣብ ዝተኸስተሉ'ውን እንተኾነ፡ እቲ ባህልን ክብረን ኣብ ቦትኡ ከምዘሎ'ዩ ብግብሪ ተመስኪሩ። ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ በቲ ምትኽታኻት ከይተረበጹ፡ ግን ከኣ ዕዮ ግዝኦም ከይረስዑ ንኹሉ ብትኩርነት ክከታተሉ ጸኒሖም ኣለዉ። ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝቐየድ ዘሎ ሰፊሕ ኣኼባታትን ሰሚናራትን ህዝባዊ መኸተ ድማ ናይ'ዚ መርኣያ'ዩ።

ኣብ'ዚ ሕግን ፍትሕን ብሓይሊ እናተጓዕጸጸ፣ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ኣህዛብ ኣብ ሓደጋ ዘወድቀሉ ዘሎ ናይ ባህሊ ዓሳ ዘመን፡ እቲ ንቑሕ፡ ድልውን ኣብ ኑብሱ ዝተኣማመንን ጥራይ'ዩ ክሰርር ዝኽእል። ስለዝኾነ፡ ሕጂ'ውን እምነትና፡ ንቕሓትናን ስጡም መኸተናን'ዩ እቲ ዋሕስ።

**ዜና**

# ንመሃንድሳት ሚኒስትሪ ዜና፡ ዲጂታዊ ስልጠና ተዋሂቡ

ብትካል ኣህጉራዊ ቁጠባውን ቴክኒካውን ምትሕብባር ፈነወ ሬድዮን ቴለቪዥንን ቻይና (CBIC)ን ኢምባሲ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ኣብ ኤርትራን ዝተወደበ ስልጠና ዝተኻታተሉ፡ 14 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 59 ኣባላት መሃንድሳትን ቴክኖሎጂ ሓበሬታን ሚኒስትሪ ዜና፡ ብ26 ጥቅምቲ 2026 ተመሪቖም።

እቲ ብቻይናውያን ፕሮፌሰራትን ክኢላታት ቴክኒክን ንክልተ ሰሙን ዝተዋህበ ክልሰ-ሓሳባዊ ምይይጥን ግብራዊ ልምምድን ዘጠቓለለ ስልጠና፡ ምርግጋጽ ጽጥታን ውሕስነትን ሳይበር፣ ስርዓተ መብራህትን ድምጽን ስቱድዮታት ቴለቪዥን፣ ዝርዝር ኣካላት ስርዓተ ፈነወ ሬድዮን ቴለቪዥንን ተግባራቶምን፣ ምሕደራን ስርዓተ ቁጽጽርን መርበባት ፈነወ ሬድዮን ቴለቪዥንን፣ ከምኡ'ውን ቴክኖሎጂ ርክብ ብሳተላይት ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ኣብ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል፡ ንኢምባሲ ቻይና፡ ኮርፖረሽን ሰብኣዩሲ (CBIC)፡ ከምኡ'ውን ንጨንፈር ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ ሚኒስትሪ ዜናን ኑቶም ነዊሕ ተጓዒዞም ነቲ ትምህርቲ ዝሃቡ ፕሮፌሰራትን ናይ ቴክኒክ ክኢላታትን ድሕሪ ምምስጋኑ እቲ ስልጠና፡ ቴክኒካዊ ክእለት መሃንድሳት ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ምሕያልን ሰፊሕ ኣፍልጦ ዲጂታዊ ፈነወ ከምዝህልዎም ኣብ ምግባርን ሓጋዚ ምዃኑ ገሊጹ። ሚኒስትሪ ዜና፡ ደረጃ ብደረጃ ፈነወ ሬድዮን ቴለቪዥንን ብምልኣት ናብ ዲጂታዊ ኣሰራርሓ የሰጋግር ከምዘሎ ብምሕባር ድማ፡ ከምዚ ዓይነት ስልጠናታት ኣብ'ቲ መደባት ዘለዎ ኣበርክቶ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ቀዳማይ ጸሓፊ ኢምባሲ ቻይና ኣብ ኤርትራ ሚስተር ሁዋንግ ታኦ ብወገኑ፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ቻይናን ኤርትራን ዘሎ ናይ ምትሕግጋዝ መደባት ኣብ ኩሉ ዓውድታት ምዃኑ ብምግላጽ፡ እቲ ስልጠና ንክኢላታት ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ስርሖም ሓጋዚ ክኸውን ዘለዎ ባህጊ ገሊጹ። ኑቲ ስልጠና ዝሃበ ትካል ሰብኣዩሲ (CBIC)፡ ከምኡ'ውን ንመምህራንን ሰልጠንቲን ድማ ስለ ኣበርክቶኦምን ተገዳስነቶምን ኣመስጊኑ።

ወከልቲ ተመሃሮ ኢንጂነር ንጉሰ ብርሃኑ ንሚኒስትሪ ዜና፡ ኢምባሲ ቻይናን ትካል ሰብኣዩሲ (CBIC)ን መምህራንን ድሕሪ ምምስጋኑ እቲ ስልጠና ምስ ዕለታዊ ስርሖም ዝተኣሳሰረ ምዃኑ ብልጫ ከምዝነበሮ ብምግላጽ፡ ንመጻኢ ከምዚ ዓይነት ስልጠና ብግብራዊ ልምምድ ተሰኒዩ ብሰፊሕ ዝቐጽል መገዲ ዝፍጠረሉ ዕድላት ክፍጠር ተላብዩ።

ኣብ መወዳእታ ሰልጠንቲ ዝተዳለወሎም ወረቐት ምስክር ካብ ኢድ ሚኒስተር የማነ ገብረመስቀል ተቐቢሎም።



ስእሊ ኣኸሊሉ ዘርኣዝጊ

# ድባርዋ - ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ ንምምሕያሽ ዓውደ-ዘተ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8 ክፍሊ ዝምዝገብ ዘሎ ውጽኢት ንምምሕያሽ ዝዓለመ፡ ጸለውቲ ኣካላት፡ ርእሰመምህራን፡ ወከልቲ መምህራን፡ ሱፐርቫይዘራት፡ ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ካልኦት ኣካላትን ዝተሳተፍዎ ዓውደ-ዘተ፡ ብ22 ጥቅምቲ ተቓኒዑ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ቴድሮስ ኣብርሃም፡ ጠንቅታት ትሑት ውጽኢት ኣለሊኻ ንምፍዋስ፡ ተራን ወሃደትን ናይ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ከምዝድሊ ሓቢሩ።

ሓላፊ ስነ-ምምህርና መምህር ብርሃነ ወልደገብርኤል፡ ብኣሃዛት ዝተደገፈ ናይ 10 ዓመታት ውጽኢት ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ዝተሳተፉ 1348 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 2890 ተመሃሮ እቶም 39 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ፣ እዚ ምስ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ክነጻጸር ከሎ ድማ ብ14.7 ሚእታዊት ከምዝኸደለ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳኑ ብቐዓት ተመሃሮ ንምዕባይ ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ኣተኩሮ ገርካ ዝሰላሰል ዘሎ ዕማም ብወሀደት ክቕጽል ከምዝድሊ ኣረዲኡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ሰልጠናታት መምህራን በብደረጃኡ ክድፋኣሉ፣ ኣብ ህዝቢ ዝኖደ ጎስጓስ ክሕየል፣ ብመምህራን ዝጠፍእ ግዜ ክእረም፣ ምክትታል ኮሚቲ ወለዲ ክብ ክብል፣ ከምኡ'ውን ሕጽረታትን ብድሆታትን ኣብያተ-ትምህርቲ ክፍታሕ ተላብዮም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝዘርጋሓ 103 ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
የሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284


# ኣፍዓበት - ንተመሃሮ ደገፍ ናውቲ ትምህርቲ ተገይሩ

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ካብ ትሸዓተ ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተሰለዩ 100 ጽጉማት ተመሃሮ፡ ሓገዝ ናውቲ ትምህርቲ ዓዲሉ።

እቲ ናውቲ፡ ጥራውዝቲ፡ ብርዒ፡ ርሳስ፡ መደምሰስን ካልእን ከምዘጠቓልል፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ማሕሙድ መሓመድ-ሰዒድ ሓቢሩ።

እቶም ተመሃሮ ኣብ ትምህርቶም ንዱዓት ክኾኑ ቀጻሊ ምክትታልን ምትብባዕን ከምዘዝውትሩ ብምግላጽ ድማ፡ ወለድን ኣብያተ-ትምህርትን ዝያዳ ሓላፍነት ክስከሙ ኣተሓሳሲቡ።

# ፎሮ - ኮሚቲ ጥዕና፡ ኣብ ምሕያል ኣገልግሎት ኣበርክቶ ትገብር ምህላዋ ተገሊጹ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎሮ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝቘመት ኮሚቲ ጥዕና፡ ኣብ ምሕያል ኣገልግሎት ጥዕና ዓቢ ኣበርክቶ ትገብር ከምዘላ፡ ንጥፈታታ ንምግምጋም ብ19 ጥቅምቲ ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ተገሊጹ።

ሓላፊ ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ፎሮ ነርስ መሓሪ ቃልኣብ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ድሕነት ኣደን ህጻንን፣ ከምኡ'ውን ምክልኻል ሕማማት ዓሶን ቲቢን ሓያል ጻዕሪ ከምዝተኻየደ፣ መጸዓዒ ኣፍሰሳሪት ንምስራሕ ድማ ብዘሳትፎ ኮም ዝምስከን ዕማም ከምዝተሰላሰለ ኣብሪሁ።

ኣባላት ኮሚቲ ብወገኖም፡ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝተዋደዳ ነቕጣታት ጥዕና ዝሕይላሉ ባይታ ክፍጠር፣ ሕርሲ ኣደታት ኣብ ገዛ ከውገድ ምእንቲ ሓያል ምክትታል ክግበር፣ ንቕሓት ሕብረተሰብ ክብ ንምባል ድማ ጎስጓሳት ክሕይል ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ ጨንፈር ጥዕና ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ነርስ የውሃንስ ገሀላይ ድማ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወፍሪታት ክታበት፣ ምህናጽ ነቕጣታት ጥዕና፣ ክንክን ቅድሚን ድሕሪን ሕርሲ፣ ከምኡ'ውን ጽገና ዓይኒ-ምድሪ ወጽኢታዊ ስራሕ ከምዝተሰላሰለ ብምጥቃስ፡ ንኣበርክቶ ኮሚቲ ጥዕና መጒሱ።

ወከል ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ፎሮ ኣቶ ፍስሃየ ገብረሃዋርያት ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ኩሉ ጥዕናዊ ኣገልግሎት ብሓፈሻ፡ ኣብ ጥዕና ኣደን ህጻንን ድማ ብፍላይ ዝምስገን ንጥፈታት ከምዝተኻየደ ጠቒሱ፡ ኣብ መደባት ኮም ዝሰረቱ ከቡብያዊ ጽሬት ደግሲ ንኽዕርጋጥም ዕቱብ ክትትል ክግበር ጸዊዑ።

ኣብ 2022 ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝቘመት ኮሚቲ ጥዕና ንኡስ ዞባ ፎሮ፡ ብኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባን ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ጥዕና ንኡስ ዞባን እትምራሕ ኮይና፡ 14 ኣባላት ኣለውዋ።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ሕማም ምንፍርፋር ክንከላኸሎ ይከኣል ዶ፤

መትናዊ ስርዓት፣ ካብ ኩሎም ስርዓታት ናይ ኣካላትና ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ብምዃኑ ንምንጻሩን ኣብኡ ዘጋጥም መጉዳእቲ ንምፍዋሱን ከቢድ ይገብሮ። ሓደ ሰብ ምንቅጥቃጥ ናይ ህዋሳት፣ ምንዋጽ፣ ምንፍርፋር ከምኡ'ውን ካብ ምፍዛዝ ክሳብ ፍጹም ሃለዋት ምጥፋእ ዝፈላለ ጸገማት ሓንጎል ምስ ዝህልዎ ጸገም መትናዊ ስርዓት ኣለዎ ክበሃል ይኽእል። ሕማም ምንፍርፋር (Epilepsy) ሓደ ካብ ጸገማት ናይዚ ስርዓት-ኣካላት እዩ።

ሕማም ምንፍርፋር ኣብ ሕመረት ስርዓት-መትኒ (neurological) ብዘኽትሎ ምዝንባዕ ዝፍጠር ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነት ሓንጎል ዝሕታለ ዝኾረት፣ ስምዒታትን ምዝንባዕን ብምፍጣር ዘይስሩዕ ጠባይ የርኢ።

ዝኾነ ሰብ ሕማም ምንፍርፋር ክማዕበል ይኽእል እዩ። ሕማም ምንፍርፋር ንኹሎም ዓይነት ሰባት - ጾታ፣ ብሄር፣ ኣእምሮ፣ ደረጃ መነባብሮ ከይፈለየ የጥቅዕ።

**ገለ ሓቅታት፦**

- ብመሰረት ጽበጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም፣ ልዕሊ 50 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም ግዳያት ሕማም ምንፍርፋር እዮም። ካብ 200 ሰባት ሓደ ሰብ በዚ ሕማም'ዚ ይጥቃዕ ማለት እዩ።
- ምስ ሕማም ምንፍርፋር ምትእስሳር ዘለዎም ክሳብ 500 ዝበጽሑ ጂን (gene) ከም ዘለዉ መጽናዕትታት የመልክቱ።
- ኣብ ዝሸምገሉ ሰባት ካብ ዝቐርብ ጥርዓናት ሕማም ምንፍርፋር እቲ ልዕሊ ፍርቂ ብሰንኪ ወቕዒ (stroke) ይስዕብ።
- ካብ 4 ክሳብ 15 ዓመት ኣብ ዝርከቡ ህጻናት ዝርአ ሕማም ምንፍርፋር እቲ ጠንቂ ምስ ካልእ ጸገማት ስርዓት መትኒ (neurological disorder) ምትእስሳር ዘለዎ ኮይኑ ይርከብ። እቶም ኣዝዮም ልሙዳት ምስ ሕማም ምንፍርፋር ምትእስሳር ዘለዎም ልሙዳት ጸገማት ሰኡኣእምሮ፣ ጸገም ኣብ ብልሒ ኣእምሮ፣ ብግቡእ ክትዛረብን ክትመሃርን ዘይምኽኣል ክጥቀሱ ይኽእሉ።
- ሕማም ምንፍርፋር ኣብ ኩሉ ዕድመ ክጅምር ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፣ 85 ሚእታዊት ካብ ግዳያት ግና ቅድሚ 20 ዓመት ዕድመ እንከለዉ የጋጥሞም።

ሓደ ሰብ ሕማም ምንፍርፋር ክሕዞ/ ክመጽኦ እንከሎ ዘርእዮ ምልክታት ካብን ናብን እቶም ግዳያት ይፈላለ እዩ። ገለ ካብቶም ግዳያት ንዝተወሰነ ካልኢታት ኣዒንቶም ከፍጥጥዎን ከንልሕጥዎን ክረኣዩ እንከለዉ፣ ገሊኦም ድማ ብቐጻሊ ኣእጋሮምን ኣእዳዎምን ከንፈርፍርዎ ይጀምሩ። ሓንሳብ ጥራይ እዚ ዓይነት ስምዒት ምስ ዘጋጥመካ ግዳይ ናይቲ ሕማም ኴንካ ኣለኻ ክበሃል ኣይከኣልን እዩ። ሕማም ምንፍርፋር ኣለካ ክበሃል ዝከኣል ብዙይ ዝኾነ ዓይነት ምኽንያት ካብ ክልተ ንላዕሊ ግዜ ተደጋጋሚ ምንፍርፋር ምስ ዘጋጥመካ እዩ። እዚ ኮይኑ እቲ ጸገም፣ ናብ ሕክምና ብምኻድ ግቡእ መርመራ ድሕሪ ምክያድ ክገጸር ከም ዝኽእል ዘይምዝንጋዕ።

እቲ ሕማም ኣብ ገሊኦም ግዳያት ግቡእ ሕክምናዊ ክንክንን ፍወሳን ከምኡ'ውን መጥባሕቲ ብምክያድ ክትቆጻጸሮን ክተሕውዮን ከም ዝከኣል ክኢላታት ይገልጹ። ገለ ሰባት ነቲ ሕማም ንምቁጽጻር ዕድመኦም መመላእታ ሕክምናዊ ክንክን ዝወስዱ ኣለው። ኣብ ገሊኦም ግዳያት ድማ ቀልጢፉ ክጠፍእ ይርአ እዩ። ገለ ምስ ሕማም ምንፍርፋር ዝውለዱ ህጻናት እቲ ኩነታት ምስ ዕድመኦም እናቐጸለ ይሃሲ እዩ።

**ጠንቅታት**

ጠንቅታት ሕማም ምንፍርፋር ብዙሓትን ዝተሓላለኹን'ኳ እንተኾኑ፣ እቶም ጎሊሖም ዝረኣዩ፣ ኣብ ግዜ ሕርሲ ብምጽባብ ጎሎ ኣደ ብዝስዕብ መጉዳእቲ ኣብ ሓንጎል፣ እቲ ዕሸል ኣብ ማህጸን እንከሎ ብዝተፈላለዩ ኩነታት ወይ ብሓደጋ ኣብ ሓንጎሉ መጉዳእቲ ምስ ዘጋጥም፣ ጥረ ወይ በሰላ ኣብ ሓንጎል ምስ ዝኸሰት ወዘተ ሕማም ምንፍርፋር ክሃሪድ ይኽእል።

መጉዳእቲ ርእሲ፦ ብሓደጋ መኪና ወይ ካልእ ምኽንያት ኣብ ርእሲ ዘጋጥም መጉዳእቲ ሕማም ምንፍርፋር ክኸትል ይኽእል።

**ኩነታት ሓንጎል፦** ወጥሪ ወይ ኣብ ሓንጎል ዝኸሰት ጥረ፣ ንሓፈሻዊ ንጥፈታት ናይ ሓንጎል ብኣሉታ እዩ ዝጸልዎ። እናበኣሰ ምስ ዝኸይድ ድማ ሕማም ምንፍርፋር የኸትል። ካብ 35 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ኣብ ዝርከቡ ሰባት ዝርአ ሕማም ምንፍርፋር እቲ ዝበዝሐ ጠንቂ ወጥሪ/ ጭንቀት ምዃኑ ሕክምናዊ መጽናዕትታት የመልክቱ።

**ረኽሲ ዘኸትሉ ተላባዕቲ ሕማማት፦** ከም ኣንቅጺ፣ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ኤይድስን ካልኦት ብቫይረስ ዝላበዉ ሕማማትን ሕማም ምንፍርፋር ከኸትሉ ይኽእሉ።

ቅድመ ወሊድ መጉዳእቲ፦ ኣብ ማህጸን ዘለዉ ዕሸላት ንመጉዳእቲ ኣእምሮ ኣዝዮም ተኣፈፍቲ እዮም። ኣብ ኣደ ብዘጋጥም ረኽሲ፣ ድኽም ኣመጋግባ ወይ ዋሕዲ ኦክሲጅን፣ እቶም ዕሸላት ኣእምሮኦም ብቐሊሉ ክጉዳእ ይኽእል። እዚ መጉዳእቲ'ዚ ድማ ሕማም ምንፍርፋር ከስዕቦም ንቡር እዩ።

ዘይስሩዕ ኣካላዊ ዕቤት፦ ብሰንኪ 'ኦቲዝም'ን ካልእን ዝኣመሰሉ ዘይስሩዕ ኣካላዊ ዕቤት ሕማም ምንፍርፋር ከጋጥም ይኽእል እዩ።

ሕማም ምንፍርፋር ኩሉ ግዜ ኣይኹን'ምበር ክወራረስ ተኽእሎ ኣሎዎ። ሓደ ካብ ወላዲ ናይ'ዚ ሕማም'ዚ ተጠቃዒ ምስ ዝኸውን ናብ ወላዶም ክሰግር ተኽእሎ ኣሎ።




**ምልክታት ሕማም ምንፍርፋር**

- ንግዜኡ ዝጸንሕ ነገራት ናይ ምዝባራቕ ኩነታት፣
- ኣዒንቲ ምፍጣጥን ምንልሓጥን፣
- ክትቆጻጸሮ ዘይትኽእል ምንፍርፋር መሓውር፣
- ግዜያዊ ምጉዳል ስምዒትን ዝኽረትን፣
- ከም ፍርሒ፣ ጭንቀትን ሻቕሎትን ዝኣመሰሉ ኣካላዊ ስምዒታት ምንጽብራቕ ገለ ካብቶም ምልክታት ሕማም ምንፍርፋር ተባሂሎም ይግለጹ።

ዳርጋ ፍርቂ ናይቶም ሕማም ምንፍርፋር ዘለዎም ሰባት፣ ብሕክምናዊ ኣገላልጻ 'መጠንቀቕታ' ተባሂሉ ዝግለጽ፣ እቲ መጥቃዕቲ ምንፍርፋር ቅድሚ ምጅማሩ ዝመጽኦም ፍሉይ ህዋሳዊ ስምዒታት ይፈጥሩ። ባህ ዘይብል ሽታ፣ በበዓይነቱ ድምጽታት ወይ ዝተፈላለዩ ምርኣያት፣ ፍርሒ፣ ናይ ምሕፍናቕ ስምዒት (ኣብ ጎረሮ) ወዘተ ኣብቶም ግዳያት ይኽሰት እዩ። ገለ ካብቶም ግዳያት ድማ እቲ ምንፍርፋር ክመጽኦም እንከሎ ክገልጽዎ ዘይክእሉ ስምዒታት ከም ዝፈጥረሎም ይዛረቡ። ካልኦት'ውን ክርድእዎ ዘይክእሉ ንሰዓታት ዝቕጽል ናይ ምጭናቕን ዝን ምባል ስምዒታትን ከም ዝጉብረሎም ይሕብሩ።

**ዓይነት ሕማም ምንፍርፋር**

ክኢላታት ሕክምና ንሕማም ምንፍርፋር በቲ ኣብ ሓንጎልና ዘርእዮ ዘይንቡር ንጥፈታት ኣብ ክልተ ይመቕልዎ - ኣብ ሓደ ክፋል ዘተኮረ (Focal seizures) ከምኡ'ውን ሓፈሻዊ (Generalized seizures) ይብልዎ።

እቲ ሕማም ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ክፋል ናይ ሓንጎል ጥራይ ኣደሂቡ ምስ ዘጥቅዕ ኣብ ሓደ ክፋል ዘተኮረ ማለት 'ፎካል ሰዙር'፣ ኣብ ኩሉ ክፋል ናይ ሓንጎል ምስ ዘጥቅዕ ድማ ሓፈሻዊ ወይ 'ጀነራል ሰዙር' ይበሃል። እቲ ዘርእዮ ምልክታት ድማ ኣብ ክልቲኦም ክፍልታት ዝተፈላለየ እዩ።

**መዓስ ናብ ሕክምና ምኻድ የድሊ፤**

- እቲ ሕማም ምንፍርፋር ንልዕሊ ሓሙሽተ ደቓይቕ ምስ ዝጸንሕ፣
- እስትንፋስ ወይ ሃለዋት (consciousness) ናይቲ ግዳይ፣ እቲ ምንፍርፋር ምስ ኣብቅዐ ብቐጻሊ ናብ ንቡር ምስ ዘይምለስ፣
- እቲ ቀዳማይ ምንፍርፋር ምስ ኣብቅዐ ብቕጽበት ካልኣይ ምንፍርፋር ምስ ዝስዕብ፣
- እቲ ግዳይ ልዑል ረስኒ ምስ ዝህልዎ፣
- እቲ ግዳይ ኣካላቱ ልዕሊ ዓቐን ምስ ዝደክሞ፣
- ነፍሰጾር ምስ እትኾውን፣
- ሕማም ሽኮር ምስ ዝህልወካ፣
- ኣብ ግዜ ምንፍርፋር ኣብ ኣካላትካ መጉዳእቲ ምስ ዘጋጥመካ፣





**ንሕማም ምንፍርፋር ተኣፈፍቲ መን እዮም፤**

**ግዳይ ሕማም ምንፍርፋር ክትከውን ዝገብር ዝተወሰኑ ረቛሒታት ኣለው። ንሳቶም፦**

ዕድመ፦ ሕማም ምንፍርፋር ብዙሕ ግዜ ኣብ ህጻናትን ሸማግለታትን እዩ ዘጋጥም። እቲ ጥዕናዊ ጸገም ኣብ ዝኾነ ዕድመ ኪጋጥም ከም ዝኽእል ግን ክንዝንግዕ የብልናን።

ተወርሶ፦ ካብ ስድራቤትካ ሕማም ምንፍርፋር ዘለዎ ሰብ ምስ ዝህሉ፣ እቲ ሕማም ክተማዕበል ዘለካ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

መጉዳእቲ ርእሲ፦ ብዝኾነ ሓደጋ ኣብ ርእሲ ዘጋጥም መጉዳእቲ ጠንቂ ሕማም ምንፍርፋር ኮይኑ ይጥቀስ እዩ።

**ወቕዕን ጸገማት ኣብ ሻምብቆ ደምን፦** ወቕዕን ኣብ ሻምብቆታት ደም ዝርአ ዝኾነ ጸገማትን ኣብ ሓንጎል ጉድኣት ስለ ዘውርድ ጠንቂ ሕማም ምንፍርፋር ክኾውን ይኽእል እዩ።

**ጽላለ (dementia)፦** ጽላለ ብፍላይ ዕድመ ኣብ ዝደፍኡ ሰባት ሕማም ምንፍርፋር የስዕብ እዩ።

ረኽሲ ሓንጎል፦ ከም ኣንቅጺ ዝኣመሰሉ ረኽሲ ኣብ ሓንጎል ወይ ዕትብቲ ሕቖ (spinal cord) ዘስዕቡ ሕማማት፣ ንተኽእሎታት ሕማም ምንፍርፋር የዛይዱ እዮም።

ግዜኡ ከይኣኸለ ዝውለድ ህጻን ከምኡ'ውን ኣብ ግዜ ወሊድ ኣብቲ ዕሸል ዘጋጥሞ ማህሰይቲ ገለ ካብቶም ኣብቲ ህጻን ሕማም ምንፍርፋር ከስዕቡ ዝኽእሉ ረቛሒታት እዮም።

**ሕማም ምንፍርፋር ክትከላኸሎ ይከኣል ዶ፤**

**ነቲ ሕማም ዘለዓዕሉ ጠንቅታት ብምእላይን ግቡእ ፍወሳ ብምውሳድን ሕማም ምንፍርፋር ክትከላኸሎ ይከኣል እዩ። ሕማም ምንፍርፋር ዘለዓዕሉ ጠንቅታት፦**

- እኹል ድቃስ ዘይምርካብ፣
- መድሃኒት ኣብ ግዜኡ ዘይምውሳድ ወይ ምርሳዕ፣
- ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጸቕጢ፣
- ብሰንኪ ወርሓዊ ጽግያት ዝርአ ምቅይያር 'ሆርሞን'፣
- ረስኒ፣
- ብዝበዝሐ ኣልኮላዊ መስተ ምውሳድን ሓሸሽ ምጥቃምን፣
- ኣመጋግባ ስሩዕ ዘይምኻን፣
- ተምሳሉ ወጽኣትን መንፋሕቲ ከብድን፣
- ምቅይያር ክሊማ ወዘተ እዮም።

ሓገዝ ኣብ ግዜ መጥቃዕቲ ምንፍርፋር

ሓደ ግዳይ ሕማም ምንፍርፋር ምስ ጀመሮ ከተልዕሎ ወይ ድማ ዝኾነ ልምዳዊ ኣገባብ ምጥቃም ግቡእ ኣይኮነን። ኣብ ከባቢኡ ክጎድኦ ዝኽእል ነገራት ከም ሓዊን በላሕቲ ነገራትን ምስ ዝህሉ ምእላይ። ክንፈርፍር እንከሎ መልሓሱ ከይሕንክስ ወይ ከይቆርጽ ቀልጢፍካ ንኣስናኑ ክጎድእ ዘይክእል ነገር ከም ጎማ ወይ ጨርቂ፣ ዕንጨይትን ካልእን ኣብ መንጎ ኣስናኑ ምቕርቓር። ክዳውንቱ ከይኣሰሮ ከም ዘልቕ ምግባር። ነቲ ብኣፉ ዝወጽእ ዓፍራ ኣጽሪካ ርእሱ ናብ ጎኒ ገርካ ጫውጫውታን ዕግርግርን ኣብ ዘይብሉ፣ ንፋስ/ ኣየር ብግቡእ ክረኽበሉ ኣብ ዝኽእል ቦታ ዕረፍቲ ከም ዝረክብ ምግባር።



**ምንጪ፦** mayoclinic

# ርእይቶ

## ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣፍሪቃዊ ሕብረትን፡ ንጥሙሕ ምስፍሕፋሕን ተጻባኢ ባህርያትን ኢትዮጵያ፡ ልጓም ይገብሩሉዶ ይኾኑ፧

ኣዱሊስ ተወልደ

ኣብ ታሪኽ ኤርትራ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሸሞንተ ዕቑድ ንኣህጉራውያን ትካላት ከም ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ሕብረት ኣፍሪቃን ዝፍትን ዓበይቲ ኣጋጣሚታት ክዘከር ከሎ፡ ምውቓዕ ኩነትን ተግባራውነትን ኢና እንዕዘብ። ኣብ ወሰንቲ እዋናት፡ እዘን ኣህጉራውያን ውድባት ንዝተመስረታሉ መትከላት ኣብ ባይታ ከንጸባርቓ ብዘየምኽኣለን ግዳያት ካብ ዝኾኑ፡ ኤርትራን ህዝባን'የም። ካብ ኣብ 1940ታት መሰል ንጽነት ዕሸሽ ምባል፡ ክሳብ ናይ መወዳእታን ቀያድን ኣህጉራዊ ውሳነ ዶብ ክትግበር ዘይምኽኣል፡ ተመኩሮ ኤርትራ ኣብዘን ውድባት፡ ናይ ተኣማንነትን ዘይሻራዊ መርገጽን ሕቶ፡ ከምኡ'ውን ንኣተግባብራን ኣካይዳን ኣህጉራዊ ሕጊ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእተወ'ዩ።

ሰልፊ ብልጽግና ተጻባኢ ባህርያቱ እናዓበየ፡ ግዝኣት ጎረቤት ሃገር ክንብጥ ህርፋኑ ጥርዚ በጺሑሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ንማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ትዕዝብቲ ዘእቱ እዋናዊ ፈተና ገጢምዎ ኣሎ።

**ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን፡ ነዚ ዘይሕጋዊ ተግባራት ንምግታእ ወሲኑ ተሪር ክጸውቱ ደዮም፧ ወይስ ከም ድሮ፡ ሕጂ'ውን ጸር ትግባረ ማሰረታዊ መትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ጥራይ ክወድቕ'ዩ፧**

ከምዝፍለጥ፡ ኣብ 1945 ዝጸደቐ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ንመትከል ርእሰውሳነ ህዝብታት ዘኽብር ዓንቀጻት ኣስፊሩ'ዩ። እንተኾነ፡ ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝነበራ ሃገራት ናጽነተን ክወሃባ ከሎ፡ ብኣንጻሩ - ማሕበረሰብ ዓለም ዘይቅኑዕ መትከላቱ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ገጹ ከኽውል ተራእዩ። ጂኦፖለቲካዊ ረብሓታት ናይ'ቲ እዋን ርእሱ-ሓያላን ሃገራት ንምሕላው፡ ኤርትራ ኣብ 1952 ብዓለቕ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ከምእትቖረን ተገይሩ።

እዚ ንመሰል ርእሰውሳኔን ናጽነትን ኤርትራ ዝናኸመ ዘይቅርዕው ታሪኻዊ ፍጻመ፡ ብበይናዊ ስጉምቲ ሃጸያዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ፈሪሱ፡ ኣብ 1962 "ፌደራላዊ ሕጊ" ተጣሒሱ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ጕብጣ ኢትዮጵያ ክትኣቱ ኣገዲዱ። ኣብ'ዚ ዘሕዝን እዋን፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት "ዓገብ" ክብልን ኣድማዒ ውሳኔታት ከሕልፍን ብዘይምኽኣሉ፡ ድኽመቱ ዘጸረሉ ኣጋጣሚ'ዩ ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ (OAU) ብወገኑ፡ ኣብ 1964 ኣብ ካይሮ ኣብ ዝተኻየደ ፈላማይ ዋዕላ፡ "መግዛእታዊ ዶባት ቀያድን ዘይልወጥን" ዝብል ዓንቀጽ ኣብ ቦትኡ ክሰፍር ኣብ ጉዳይ ጕብጣ ኤርትራ ብሃጸያዊት ኢትዮጵያ ግን፡ ማሰረታዊ መትከል ናይ'ዚ ውድብ ንምትግባር ፈሺሉ'ዩ።

ብሰንኪ'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ጕብጣን መግዛእትን ኢትዮጵያ ዝተናወሐ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከካይድ ተገዲዱ'ዩ። ንሰላሳ ዓመታት ዝቐጸለን ከቢድ መስዋእቲ ዝሓተተን ቃልሲ ብምኽያድ ድማ፡ ኣብ 1991 ብቐልጽሙ ናጽነቱ ኣረጋገጸ።

ብረታዊ ቃልሲ ኤርትራ ሪዚን ሃገራዊ ታሪኽ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ዘይምኽባር ዝሰዓቦ ኣዕናዊ ሳዕቤንን ግዚፍ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታትን ዘብርህ ታሪኻዊ ሰነድን ግብራዊ ማዘኻኸሪን'ዩ።

ኣብ 1998–2000 ዝጋጠመ ግጭት ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ንማሕበረሰብ ዓለም ርእሱ ዝኸኣለ ፈተና ሓዙ'ዩ መጺኡ። ኣብ ታሕሳስ 2000 ብኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንዝተቐለሰ ውዕል ኣልጀርስ ብምፍራም፡ ነቲ ግጭት ብሰላማዊ መገዲ ንምፍታሕ "ሓብራዊ ዶብ ምሕንጻጽ" ዝብል ሕጋዊ ቅርጺ ብዙሓዝ ስምምዕ ተዘቲሙ።

በዚ መሰረት ብ13 ሚያዝያ 2002፡ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ መወዳእታን ቀያድን ብይኑ ኣመሓላሊፉ፣ ኣብ 2007 ድማ ናይ ምሕንጻጽ ስልጣኑ ፈጺሙ። ውሳነ ናይ'ቲ ኮሚሽን ናይ መወዳእታን ቀያድን ክኸውን ብክልቲኡ ወገናት ኣብ ስምምዕ እንተተፈረመ፡ ኢትዮጵያ ግን ንዓመታት ከይትግበር ሓንጊዳ። እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እቶም ንመሰረሕ ሰላም ኣልጀርስ ዝተዓዘቡን ዘውሓሱን ኣህጉራውያን ተዋሳእቲ፡ ብቐንዱ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ግዴታኦም ከኽብሩ ኣይከኣሉን።

ኤርትራ ብኣንጻሩ፡ እዚ ውሳነ ንኽኽበር ዘለዎ ቅሩብነትን መርገጽን ዓቂቡቶ'ያ። ኣብ 2018 ኢትዮጵያ ንውዕል ኣልጀርስን ውሳኔታት ኮሚሽን ዶብን ምቕባላ ብወግዒ ምስ ኣፍለጠት፡ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ተፈጢሩ ዝነበረ ናይ ነዊሕ እዋን ኣይሰላም ኣይኩናት ኩነታት ኣብቂዑ፡ ብዘይወዓል ሕደር ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ስምምዕ ሰላም ተፈሪሙ።

ይኹን'ምበር፡ ሎሚ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካልእ ሓደገኛ ኩነታት ገጢምዋ'ሎ። ሰልፊ ብልጽግና "ልኡላዊ ኣፍደገ ባሕሪ" ከም "ስትራተጂካዊ ግዴታ ኢትዮጵያ" ብምባል፡ ብጋሎጺ ናብ ማሕበረሰብ ዓለም ኣቕሪብዎ'ሎ። "ብውዲ ወይ ብግዲ" ዝብል ፈኸራን ምፍርራሕን ደጋ ወሲኹሉ። ሰልፊ ብልጽግና ንልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ዝተኻየደ ጸዑቕ ጎስጓሳትን ምልዕዓልን፡ ካብ ምእዋጅ ኩናት ዝፈልዮ የብሉን። ብ9 ጥቅምቲ 2026፡ ኢትዮጵያ "ኤርትራ ወራሪትና" ብዝብል ናይ ሓሶት ክሲ፡ ኣንጻር ኤርትራ ኩናት ከም ዝኣወጀት ንባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብወግዒ ኣፍሊጣ።

ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ኣንጻር ግዝኣታዊ ሓድነት ወይ ፖለቲካዊ ናጽነት ዝተገደደ ምፍርራሕ ወይ ምጥቃም ሓይሊ ይኽልክል። ብምስምስ ንታሪኽ ዝኾሰ ትረኻታት፣ ስሙጎታዊ ዘይምርድዳእን ቁጠባዊ ምትእስሳርን ዝተገደደ ጥሕሰት ልኡላዊ ግዝኣት፡ ኣንጻር መትከላት ሕቡራት ሃገራት ምዃኑ'ውን ብንጹር ሰፊሩ ይርከብ።

**እቲ ሕቶ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራትን ሕብረት ኣፍሪቃን ንምንታይ ዕላማዮም ቁይሞም ዘለው ዝብል'ዩ**

ብመሰረት ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ባይቶ ጸጥታ - ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ናይ ምውሓስ ቀዳማይ ሓላፍነት ዝወሰደ ኣካል'ዩ። ዕማሙ፡ ኩናት ምስ ተወልዐ ግብረ-መልሲ ምሃብ ዘይኮነ፡ ኣቐዲሙ ጥሕሰት ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኣባል ውድብ ሕቡራት ዝኾነት ሃገር ክከላኸል፣ ግሉጽ ተቓውሞ ከርእን ዝጠቅም ሰላም ኣብ ሓደጋ ንዘሸምም ንጥፈታት ከውግዝን ይግባእ። ብዘይዋህዮ ስልጣን ማሰረት'ውን ብሓይሊ ግዝኣት እንዳማኑ ክንብጥ ንዝህነደድ ሓይሊ ብትሪ ክኹንን ትጽቢት ይግበረሉ።

### ተራ ሕብረት ኣፍሪቃ'ኸ እንታይ'ዩ፧

ቅዋማዊ ሕጊ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኣባል ሃገራት ክኽበር ዘገድድ ኮይኑ፡ ኣብ መንጎ ኣባል ሃገራት ሓይሊ ምጥቃም ወይ ምፍርራሕ ይቃወም።

ልዕሊ ኣሉ ተጠቒሱ ከምዝሎ፡ ኤርትራ ምስዘን ኣህጉራውያን ትካላት ዘለዋ ታሪኽ ዘይናብበ'ዩ። ኤርትራ ናጽነት ክትረኽበሉ ንዘዋጋእ መሰል ምግሳይ፡ ከምኡ'ውን ብይን ዶብ ኣብ ምትግባር ኣሰጉዳዲ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዘይምውሳድን ዝኣመሰሉ ታሪኽ ሰደምም ዘሎ መደረኻት፡ ማሕበረሰብ ዓለም ካብዘን ትካላት ንዝጸበዮ ውሕስነትን ምትእምማንን ናብ ትሑት ደረጃ ከወርድ ዝቕሰበ'ዩ።

ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ እቲ ጌጋ ክደገም የብሉን። ህሉው ኩነታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ካብቲ ልሙድን ዘይወጽኢታዊ ዝኾነ ሓፈሻዊ ጸውዒት ን"ዝተ"ን "ክልቲኡ ወገናት ነብሱግትኣት ከርእዩ"ን ዝብል ጸውዒታትን ስክፍታታትን ንላዕሊ ዝሓትት'ዩ። ኣብ መንጎ ሃገራት ንዝሀሉ ኣህጉራዊ ርክባት ዝምልከት'ውን ዘይጥሓስ ሕግታት ምቑምን ብንጹር ምርግጋጽን ግዜ ዝጠልቦ'ዩ።

እዘን ዓበይቲ ኣህጉራውያን ውድባት፡ ሓብራዊ መርገጺ ኣባል ሃገራት ንምንጽብራቕ ዝቖማ'የን። በዚ መንጽር'ዚ፡ ማሰረታዊ ኣሰራርሓ ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ቅዋማዊ ሕጊ ሕብረት ኣፍሪቃን ኣብ ምኽባር ልኡላውነት፡ ግዝኣታዊ ሓድነትን ፖለቲካዊ ናጽነትን ናይ ኩለን ኣባል ሃገራት ብጥዕሪ ደገፍ ንምሃብ ግዴታዊ ሓላፍነት ኣለወን። ምኽንያቱ፡ ዝኾነ መትከላት ምኽባር፡ ሰላማዊ ዝምድና ኣብ ምሕላው ዝጻወቶ ተራ ዓቢ'ዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኩለን ኣባል ሃገራት ኣብ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ቅዋማዊ ሕጊ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ከምኡ'ውን መሰረታውያን መትከላት ኣህጉራዊ ሕጊ ንምኽባር ዝኣተዋ ዕማምን ኀላፍነትን ዓቢ ግደ ኣለወን። ዝኾነ ሕግታት ምኽባር፡ ሓለፋ ንሓደ ህዝቢ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ናብ ነባሪ ሰላምን ዞባዊ ምርግጋእን ዝወስድ እንኮ መገዲ'ዩ።

ኤርትራ ብሰንኪ ልኡምነት ማሕበረሰብ ዓለም፡ ከቢድ ዋጋ ከፊላ'ያ። ንጽንዓት ዝኸበረቶ ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ገድሊ፡ ከምኡ'ውን ንትግባረ ውሳኔታት ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተጸደቶ ዘይሕለል ቃልሲ፡ መርኣያ ናይ'ቲ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ንምኽባርን ንምርግጋጽን ብሰላማዊ መገዲ ንምፍታሕ ዝለዋ ጽኑዕ መብጽዓን ቅሩብነትን ዘጕልሕ'ዩ።

ሕጂ'ውን እቲ እዋናዊ ሕቶ፡ እዘን ኣህጉራዊ ሰላምን ጸጥታን ንምሕላው ዝተመስረታ ትካላት፡ ኣብ ህልው ኩነታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ግቡእ ሓላፍነተን ክስከማ ድዮም፧ ባይቶ ጸጥታ፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ማሕበረሰብ ዓለምን፡ ንናይ ሰልፊ ብልጽግና ሕማም ምስፍሕፋሕ ብምግታእ፡ ኣብ ልዕሊ ልኡላዊት ሃገር ኤርትራ ኣንቂድዎ ዝሎ ቅሉዕ ተጻብኦታት ክዋግኡ ደዮም፧ ወይስ ኩሉ ዓይነት ኣዕናዊ ሳዕቤናት ኣብ ቅድሚኦም እናሃለዉ፡ ምኽባርን ምትግባርን ማሰረታውያን መትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፡ ዳግማይ ንኤርትራ ጥራይ'ዩ ክግደፍ፧

---

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10፡15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11፡45 | ደርፊ |
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡05 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | መደብ መኣዝን ልምዓት |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | ለሰ ስፖርት |
| 15፡15 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 15፡30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡15 | ያታዊ ባህሊ ኩናማ |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡45 | ደክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18፡25 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 19፡10 | ቀስተ ደሕኑት |
| 19፡25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡15 | መደብ ሸዐቡት |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡15 | መደብ ዓለም ስነ ጥበብ |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ብስም ወ/ሮ ኣኽበረት ካሕሳይ ተኽሉ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00000037 ቁጽሪ መዝገብ 00000036 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ጸሮና ዓዲ/ከተማ ሓ/ከ/ጸሮና ዝርከብ ናይ መጉብን ማስተን ትካሊይ፡ ንወ/ሮ ሰናይት ንጉሰ ሃይሉ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ጸሮና ዓዲ/ከተማ ሓ/ከ/ጸሮና - ተሌፎን 07511854፣ ካብ ዕለት 12/10/2026 ክሳብ ዕለት 12/01/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣኽበረት ካሕሳይ ተኽለ

ብስም ለተሃይማኖት ኣርኣያ ናይዝጊ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00000744 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይ ላም ቁ.ገዛ 106 ዝርከብ ናይ ቤት መስተ ትካሊይ፡ ንወ/ሮ እምነት ይርሳው ገላው፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 135-8 ቁ.ገዛ -- ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ለተሃይማኖት ኣርኣያ ናይዝጊ

ብስም ለተሃይማኖት ኣርኣያ ናይዝጊ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00037829 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይ ላም ቁ.ገዛ -- ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካሊይ፡ ንወ/ሮ ቅድስቲ ጎይቶኦም ተኽሉ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 132-1 ቁ.ገዛ 18 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ለተሃይማኖት ኣርኣያ ናይዝጊ

ብስም ለተሃይማኖት ኣርኣያ ናይዝጊ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00035803 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይ ላም ቁ.ገዛ 104 ዝርከብ ናይ ዱኳንን መሸጣ ሲጋን ትካሊይ፡ ንወ/ሮ ሰለማዊት ደበሳይ መንግስቱ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 21 ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ለተሃይማኖት ኣርኣያ ናይዝጊ

ብስም ነጃት ሳልሕ ሓጎስ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን KEL00012652 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ መሸጢ ናውቲ ሕርሻን ህንጻን ትካሊይ፡ ንኣቶ ኣምበሳጀር ክፍለየሱስ፡ ኣድራሻ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን፡ ካብ ዕለት 01/10/2026 ክሳብ ዕለት 31/12/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፈጸመሉ ነፍልጥ።

ነጃት ሳልሕ ሓጎስ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ፡ ዓዲ/ከተማ ማይ ዕዳጋ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ DER ቹL32 ቁጽሪ መዝገብ DEL-8275 ዝርከብ ናይ ፎርኖ (C17) ትካለይ፡ ንኣቶ/ወ/ሮ እስራኤል ኤፍሬም ፍስሃየ፡ ኣድራሻ ደቡብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ዓዲ/ከተማ ማይ ወርቂ፡ ብዕለት 16/10/2025 ስለዝሸጥኩሉ/ላ፡ ብስም ሽያጢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ሳምሶም ገብረሚካኤል ሃይለ

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ምምሕዳር/ከባቢ ሸዕቡ፡ ብቑ/ፍቓድ ዋኒን GBL 4618&4611 ናይ ጥሑና እኽልን በርበረን ድኳንን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ንግሳ ኣርኣያ ኣድሓኖም፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ምምሕዳር ከባቢ ሰላም ብዕለት 28/02/2026 ብቑ.መዝገብ 08/7076 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ/ዋ፡ ብስም ወሃቢት ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተረካቢ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

እዮብ ግርማይ

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ጋሽ ባርካ ባረንቱ ምምሕዳር/ከባቢ ቢያራ፡ ብቑ/ፍቓድ ዋኒን GBL00001952 ናይ G70 ፋርማሲ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ኣርያም ወልደየውሃንስ፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ምምሕዳር ከባቢ ቢያራ ብዕለት 07/09/2026 ብቑ.መዝገብ 6266588 ብውህብቶ ስለዝሃብክዎ/ዋ፡ ብስም ወሃቢት ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ውህብቶ ተረካቢ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ገብረሂወት ሃብተ



## ሓበሬታ

### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኮ/ሌ ጉብርኤል ወልደስላሴ ጉብረመድህን፥ሲ/ር ኤልሳ ጉብረንገስ ተኽለማርያም፡ ወድና ፍቕረ ጉብርኤል ወልደስላሴ ስለዝተሰወአ፥ ንሕና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጐት ኢሳይያስ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ብዓል ቤተይ ተኽስተ ሃብተማርያም ዘርኢት ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብን ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ስመይ ተስፎም ኣሰፋው መተካን ምባል ተሪፉ፥ ተሰፉ ኣሰፉ መተካን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

ወ/ሮ ደሃብ ስእለጸዮን ተኽሉ፥ ኣደይ ጐት ሃይለ ተሰፋይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ዳኒኤል መሓሪ ብርሃ፥ ኣደይ ለተኺዳን ወልደሚካኤል ተላ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ።

ከሳሲ ዑመር ሰዒሮ መሓመድዓሊ፥ ተኸሳሲ ጣሃ ሁመድ መሓመድ፡ ንዓኻ ዝምልከት ጉዳይ ገዝኡብ ጉዳይ ከሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጥ።

ሂወት ገብረያሰስ ብሩ፥ ሓፍተይ ሙብራት ገብረያሰስ ብሩ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ህሉዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣሰፋሽ ተክኤ ሽፋረ፥ ኣደይ ደሃብ ሽፋረ ወልደማርያም ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኤላዓህ ሲኖዶስ ኣፈንዲ ምባል ተሪፉ፥ ኤሊናር ሲኖዶስ ኣፈንዲ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ መሓሪ ገብረመድህን፥ ብዓል ቤተይ ገብረሂወት ሓጎስ ገብረስላሴ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብን ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

መሓመድ መሓመድ ሳልሕ ምባል ተሪፉ፥ መሓመድ መሓመድሳልሕ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰምሰም ኢማም ሓረኘት ምባል ተሪፉ፥ ያሰሚን ኢማም ሓረኘት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሩፍታ ተክለሃይማኖት ሃይለ ምባል ተሪፉ፥ ሩፍታ መሓሪ ኣረጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳናይት ሚካኤል ሕድርና ምባል ተሪፉ፥ ናርዶስ ሚካኤል ሕድርና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣድያም ምሕረትኣብ ገብረንጉስ፥ ስም ኣደይ ወይኒ ወለላ ምባል ተሪፉ፥ ወይኒ ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ እስጢፋኖስ ሃይለ ገብረሂወት፡ ኣቦሓጎና ዑቕባክርስቶስ ገብራይ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሰዒድ መሓመድዓሊ ዓብደላ ምባል ተሪፉ፥ መሓመድሰዒድ መሓመድዓሊ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገብረሚካኤል ኴሪኣብ ስምረት ምባል ተሪፉ፥ ክብሮም ኴሪኣብ ስምረት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሰላት መለእ ሃይለ ምባል ተሪፉ፥ ሰላት መሴ ወልደጊዮርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

እድሪስ ኣሕመድ ኑር፥ ስም ኣደይ ኣምኑ እድሪስ ምባል ተሪፉ፥ እምቢያ እድሪስ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

መሓመድ መሓመድ ኢብራሂም መሓመድ ምባል ተሪፉ፥ መሓመድ መሓመድኢብራሂም መሐመድኪር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓምድ መሳ ሰዒድ ምባል ተሪፉ፥ ኣሕመድ መሓመድ መሳ ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ዓብደላሂ መሓመድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፥ ዓብደላሂ ማሕሙድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን05/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ወ/ሮ ኣበባ ካሕሳይ መርሻ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 1284 ቑጽሪ መዝገብ 1186 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ዝርዝር ሃለኽቲ ትካለይ ንኣቶ በረኸት ክፍለ ወርቂ፡ ዓዲ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ ከተማ መንደፈራ ተለፎን 07163685 ካብ ዕለት 1/1/2027 ክሳብ 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣበባ ካሕሳይ መርሻ

---

ብስም ኣፈወርቂ ገብረመድህን ተሰፋማርያም፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00044299 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋላ ነፍሒ መርሓኖ ቁ.ገዛ -- ዝርከብ ናይ መኪና መቀያየሪ ኣቑሑት ትካለይ፥ ንኣቶ ተኽለሃይማኖት ታረቀ ካፍል፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና መርሓኖ ቁ.ገዛ -- ካብ ዕለት 01/07/2026 ክሳብ ዕለት 30/06/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ኣፈወርቂ ገብረመድህን ተሰፋማርያም

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ፥ ዓዲ/ከተማ ሓ/ከተማ ሰርሓ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ DAL 00002479 ቁጽሪ መዝገብ DAR-00002142 ዝርከብ ናይ J22 Bar ትካለይ፥ ንኣቶ ሃብቶም ገ/ሃዋርያ ሃይሉ፥ ኣድራሻ ሓ/ከተማ ሰርሓ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ዓዲ/ከተማ ሓ/ከተማ ሰርሓ ብዕለት 01/07/2026 መዝ 64/2026 ብውህብቶ ስለ ዝሃብክዎ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፥ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ሃብቶም ገ/ሃዋርያ

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ዓዲ/ከተማ ሰገነይቲ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ DER 00006635 ቁጽሪ መዝገብ DEL00007654 ዝርከብ ናይ ልዋም ተሰፉ ትካለይ፥ ንወ/ሮ ልያ የውሃንስ በርሀ፡ ኣድራሻ ሰገነይቲ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰገነይቲ ዓዲ/ከተማ ሰገነይቲ ብዕለት 16/10/2026 ስለ ዝሸጥኩላ፥ ብስም ሺያጢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፥ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይ ኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ልዋም ተሰፉ

---

ኣቶ እስጢፋኖስ ዑቕባዝጊ ዑቕቡ፡ ዝተፈቕደሎም ናይ ማስርሒ ጫማ ንግዳዊ ትካሎም፡ "ስቲፍ ፋብሪካ ጫማ" (STEEF SHOE FACTORY) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለዝደለዩ፥ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

# ዛዕባ ሎሚ

## ዜማ ሃገርን ሃገራውነትን

ተስፈት ሓጎስ

**“ቅንጣብ መሬት ይኹን ዕማኮ ሓመድና ኣሕሊፍና ኣይንህብን ንጣብ ማይ ባሕርና ስለዚ ድማ’ዩ ተኸሊምናዮ ብረት ማሰዋእቲ ከፊልና ዕጡን ናይ ሓርነት”**

እዙን ኣገሓ፡ ካብ ሕድማ ድምጻዊ የማን ጉብረሚካኤል (የማን ባርያ) ዝተቐንጨላ እያ። ባርያ፡ ኣብዛ ኸሸውዓተ ደቃይቕን 56 ካልኢትን ዝቐጸ ደርፉ፡ ንኤርትራዊ ሃገራውነትን ሓድነትን ቁራጽነትን ዕላማ፡ ሓይልን ብርታዔን፡ ባህግን ድሌትን፡ ተፈጥሮኣዊ ጺጋን ዘመናውነትን፡ እምቢታ ንመግዛእትን ደሊውነት ንማሰዋእትን፡ ቅኑዕነትን ኝቑሕነትን፡ ሓርነትን ትንሳኤን ኤርትራ ዘመልክታ ቃላትን ሓሳብን ገለ ካብ ዘልዕለን እዩ። የማን ባርያ፡ ዝ ኣብ ልብን ቀልብን ኤርትራውያን ዝሰፈረ፡ ኤርትራዊ-ሃገራዊ-ከ ኣን ካብ ዝኾልዖ ድንቂ ስነጥበበኛታት ሃገርና’ዩ።

ርግጽ’ዩ፡ የማን ባርያ ዝ ዝተጠቕሰ ነጥብታት ኣልዒሉ ዘዘየመ እንኮ ስነ ጥበበኛ ኤርትራ ኣይኮነን። ቀደማይ ኣብ እዋኑን ብድሕሪኡን ንኤርትራዊ ሃገራውነትን ክብርታቱን መሰረት ብምግባር ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ሃገርና ድንቂ ዜማታት ዘዘየሙ ስነጥበበኛታት ኣለው፡ ኣለዉ። ድምጻዊ የማን’ውን እንተኾነ ዝ ጉዳይ በዘ ዜማ ጥራይ ኣይኮነን ኣልዒልዎ፡ ካልእ ደርፍታት’ውን ኣለዎ። ብኣጠቓላሊ፡ ብዜማኦም ንኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ብኸለንትኡ ዘድመቑ፡ ዘናዕዙ፡ ዘይከሮሁ ሓሳብን ክውንነትን ምኻኑ ዘሰምዑን ዝጸለወን ስነጥበበኛታትና ሓያለይ እዮም። እዚ ከኣ ኤርትራን ኤርትራውነትን ሓደ ካብ ቴማ ስነ ጥበበኛታትናን ኤርትራዊ ስነጥበብን ክኸውን ዘኽኣለ’ዩ። ኤርትራዊ ሃገራውነት ድማ፡ በዚ ፈርዩ ዘሎ ስነጥበባዊ ስራሕ ተገሊጹ ዘብቅዕ ዘይኮነ ብሓደስቲ ዜማን ቅጽትን ዝድረዕ ምኻኑ ፈጺሙ ዘየማትእ ሓቂ’ዩ። ኣብዛ ዓንቀጽ ግና ዝ ንጽል ደርፌ የማን ባርያ ምስ ታሪኻዊ መረዳእታ ብምስናይ ንሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ ዝምልከት ገለ ነጥብታት ክቐርብ’ዩ።

መንቀሊ ወይ መሰረት ናይዘን ሎሚ ዓዲ እኩሉ፡ እንብለን ሃገራት ጥቕልል ብዝበለ መልክዑ ክጥቀስ ኣገዳሲ’ዩ። እዘን ሃገራት፡ ውህሉል ተመክሮን ሓሳብን ደቂሱብ ተሓቚፉ-ተሓቚፎቶ፡ ሃገር ዝብል ዘመናዊ ኣምር ምስ ጸጋ ዝተፈጥራ እየን። ስለዚ፡ ሃገር ትብሃል ኣካል፡ ፖለቲካዊ ውዳበ’ያ። እዚ ከኣ ኣብዛ ዓለምና ተፈጥሮኣዊ መንነት ዘለዋ ሃገር ብጥረቫ ከምዘየላ ዘመልክት’ዩ። እንተኾነ ኣብ ከሊ ናይቲ ሃገር ተባሂሉ፡ ሰያመ ዝተዋህቦ ከባቢ ዝነበር ዝነበረ ናይ ጉጅለጋኡ መወከልን መግለጽን ዘለዎ ወህድ ዘይኮነ ሕብረተሰብ ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ምህናጽ ሃገራዊ መንነት ከኣ፡ ኒታ ሃገር ንዝቖሙ ሕብረተሰባት፡ ኒቲ ዝጸንሐ መለለዪ መንነታቶም ምስቲ ሓዳሽ ብምስናይ፡ ንኹሎም ዘዋጽእ ሓባራዊ ሃገራዊ መንነት ምፍጣር’ዩ።

ስነጥበባዊ ዕዮ፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ተሓቚፎም ክነብሩ ዝለዎም ግን ከኣ ገለ መፈላለዪ ባህርያት ሓዚም ዝጸንሑ ሕብረተሰባት፡ ኒቲ ንኹሎም ዘዋጽእ፡ ብሰቲትን ሰላምን ዘንበርን ዘበልጸግን ዝተወደነ ሃገራዊ መንነት ክላበሶዎ ዝድርኽ ሓያል ብልሓት’ዩ። የማን ባርያ’ውን ኣብዛ ደርፉ ዝ ብልሓት ብምጥቃም’ዩ ንኤርትራን መግለጺ ሃገራዊ መንነት ኤርትራውያንን ዘንጸባርቖ። ኣብ ሕደማኡ ከኣ ከምዚ ይብል፡

**“ሃገረይ ሃገረይ፡ ሃገረይ ኤርትራ ዓዲ ሰላም፡ ስርናይ ጣፍ ዕፉን መኸላ መደበር ባሩራት፡ ማያት ቀይሕ ባሕሪ”**

እዙን ኣገሓ፡ ኤርትራውያን ሃገረይ እንብላ ኤርትራ፡ እኽሊ ዘበቑል መሬት ዝሓዘት ጥራይ ዘይኮነት፡ ተመሪኻ ዘይርከብ፡ ምንጪ ዕብየትን ምዕባለን ዝኾነን ባሕሪ ከምትውንን የመልክት። “መደበር ባሩራት” ትብል ሓረግ ከኣ ከም መርኣያ ስልጣኔን ዘመናውነትን ኤርትራ ክትውሰድ ትኽእል። ዝተጠቕሰ ኣዝርእቲ’ውን ኣብ ዝተፈላለየ ‘ኢኮሎጅያዊ’ ዞባታት ኤርትራ ብዝነብር ህዝብና ዝበቑል’ዩ። እዚ ድማ መወከሊ ብዙሕነትና’ዩ። ኣብ ካልእ ሕደማ ናይዛ ደርፌ’ውን ኣብ እዋን መግዛእቲ ንዝበረ ምምሕዳራዊ ቅርጺ ብምጥቃስ፡ ጉዳይ ኤርትራ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ጉዳይ ምኻኑ ንምምልካትን ዋናን ጓናን ከምዝይብሉ ንምብራህን “ንሁ ንትኣኩብ፡ ጉዳይና ኣልል” ይብል። ሕጽር ብዝበለ መግለጺ፡ ንኹሉ መዳይ ናይ ኤርትራ ዝበልጽ መቓን (ፍሬም) ከም ምውዳን ክርአ ይከኣል።

ኤርትራ፡ ብዝተፈላለዩ ሓይልታት ተገዚኣ’ያ። ኢትዮጵያዊ መግዛእቲ ሓደ ካብኡ’ዩ። እቲ ተወራራሲ መግዛእታዊ ኩነት ግና ብሓባር ናይ ምንባር ድሌት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ኣይበረዞን፡ እኳ ደኣ ደርያን ኣሓየሎን። እንተኾነ ቀዳሞት ኤርትራውያን ኒታ ብተፈጥሮኣዊ ጸጋኣን ጃኦግራፍያዊ ብልጫኣን እተመኒ ሃገሮም ካብ ግዳማውያን ገዛእቲ ንምክልኻል ዘኽእል ተዋግዲ ዕጥቅን ሃብትን ዝሓጸርዎ ነበሩ። ኒዮም ዝመጽኡ ገዛእቲ ዝሸርከሕን ዝበደህን ናይ ኤርትራውያን ሓይሊ ጠሪሹ ኣይተረኽበን ምባል ግና ኣይከኣልን። ሓደ ካብኡ ሓድነት፡ ስምረትን ምጽውዋርን ህዝቢ ኤርትራ’ዩ። ዝ ካብ ዝበልጸን ብእኡ ንዝርከብ ፍረ ካብ ዘመልክትን ክፋል ናይዛ ደርፌ ከኣ፡

**“ሓድነትካ’ዩ ዘይድፈር ዕርዲ ዝሰመረ ቅልጽም፡ ዘተረረ ዓንዲ ናይ ሓበር ጉዕዞ፡ ዝሓጸረ መገዲ”** ዝብል ምጥቃስ ይከኣል።

ኣለምሰገድ ተሰፋይ ኣብ “ኣይንፈላለ” ከም ዝገለጾ ስዕረት ኢጣልያ ኣብ 1941፡ ብፍላይ ኣብ ታሪኽና ሰንፈም ምዕራፍ ዝኸፈተት ፍጻመ’ያ። እንግሊዝ ከም ሰዓሪት ሓይሊ፡ ንኢጣልያ ብምትካእን ሞግዚትነት ኤርትራ ብምውሳድን ወተሃደራዊ ምምሕዳር ኣቘመት። ፈለማ ተግባራ ግና ንተሰፉ ናይቶም መግዛእቲ ኢጣልያ ከሕ ስለዝበለዎምን ባህጎም ንኽጸንት ስለዘተሰፈውዎምን ደገፍ ዝሃብዋ ኤርትራውያን ምቕዛም ኮነ። ኣስዒቡ ከም መከሓሓሲ ምስ ኢጣልያ ናይ ዘየደቶ ኩናት፡ ንቐጠባዊ ትሕተ-ቅርጺ (ፋብሪካታት፡ ተለፎን፡ ናይ ወደብ መሳለጥያ ወዘተ) ኤርትራ ነቓቒላ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ሸጠቶ። ብኣውራኡ ከኣ ህዝቢ ኤርትራ ሃገር ንምቛም ዘኽእል ሓድነትን ምጽውዋርን ከምዘይብሉ ምእንቲ ከተርኢ፡ ሰራም ድርጊታት ብምድራስ ንኤርትራን ህዝባን ንሓዋሩ ዝመቅል ውዲት ኣብ ምእላም ተጸምደት።

እንግሊዝን ተሞክሮይቲ ሃጺያውያንን ከኣ ዕላማኦም ከሰምሩ ምእንቲ ኒቲ ናይ ኤርትራውያን ረቋቕ ሓይሊ (ሶፍት ፓወር) ከናኽስምን ክመናሽምን ወሰኑ። ንህዝቢ ኤርትራ “ክጠፍእ ወይ ክበትን” ይኽእል’ዩ ንዝበልዎ ከም ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ቀቢላ፡ ማሕበራዊ ደርቢን ቅርጺ-መሬትን ንምፍርፋር ድማ ብሰወርን ብግህድን ውዲታት ኣዋደዱ። እንግሊዝ ሓንሳእ “ከበሳን ቆላን” ካልእ እዋን “ክርስትያንን እስላምን” ዝብል ንኤርትራ ክበትን ይኽእል’ዩ ዝበሎ ውዲት ብምንቃል ኣብ መንነ ኤርትራውያን ምጉህዋርን ጎደኣን ዘኮሳሕር ባይታ ንምፍጣር ተዋሰኣት። ሃገራውያን ኤርትራውያን ተቓለስቲ’ውን ኒቲ ዘንጠጥኖ ዝጠዓዕን ዘበረ ሓደጋታት ካብ ምግጣሙን ምቅላሱን ኣየብረሩን።

ሃይማኖት፡ ኤርትራውያን ኣሕዋት ካብ ምኻኖም፡ ብሰቲትን ሓድነትን ካብ ናይ ምንባር ልምዶም ዝዕንቅጽ ጉዳይ ኮይኑ ኣይፈልጥን። ዝ ዘስተውዓሉ ገዛእትን ኣሰፋሕፋሕትን ከኣ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ክልተ ብምኽፋል፡ ነፍሲወከፉ ጎረቤቱ ኣብ ዝኾነት ካልእ ሃገር ምስ ዝሓበር ተመሳሰሊ ሃይማኖት ዘለዎ ንሱ ምስ “ዝመሳሰል” ህዝቢ እንተሓብረ ከምዝሓሸ፡ በዚ ከኣ ናይ ሃይማኖት ወገን ሓዚን ካብ ዝመጽኣ ሓይልታት (ሃገራት) ከም ዝረብሕ ንምእማን



ብውሽጢ ውሽጢ ተሰርሓሉ። ሃገራውያን ተቓለስቲ ግና እስላምን ክርስትያንን ኤርትራ ከም ኣሕዋት ንኣሸሓት ዓመታት ብሓባርን ብሰቲትን ከምዝነበሩ፡ ንኽልቲኦም ካብ ዝጠቕም ጉዳይ’ውን ከምዘየትርፎም፡ ሃይማኖት ከኣ ቦታኡ መስገድን ቤት ክርስትያንን እምበር፡ ናይ ኤርትራ መጻኢ ኣብ ምውሳን ብኣሉታ ዝለዓል ረቛሒ ከምዘይኮነ መጉተ። እዚ፡ ብወትሩና ድምጻዊ የማን ባርያ ክገልጾ እንከሎ ድማ፡

**“ወዘይ ወገንካ ሃይማኖት ቀቢላ ወገድ ምፍንጫል ናይ ጥፍኣት ታኽላ ኣብ ሓንቲ ሓሳብ ትኹን ሃገርና ብኹላ”**

ዝብል ነበረ።

ሃገራውያን ተቓለስቲ ኤርትራ፡ ብሰቲትን ሓድነትን ናይ ምንባር ድሌት ኤርትራውያን ወካሊ ብዘኾነ ኣገባብ ብምግጽባራቕ፡ ኣብ ምዕቃብን ምድራዕን መንፈስ ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ተገዚዖም ዝተጋደሉ’ዩ። ኣብታ ኣብ 1940ታት ብቛንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ትዳሎ፡ “ኣፈኛ ናይ ቀጽሪ ወይ ሰልፊ ናጽነት ኤርትራ ዝነበረት ጋዜጣ ሓንቲ ኤርትራ” ዝርከብ “ሓደ እስላምን ሓደ ክርስትያንን ኣድ ንኣድ እናተጨባበጡ” ዘርኢ ምስሊ፡ ምስቲ “ኣይንፈላለ” ዝብል ጭርሖኣ ግሉሕን ተጠቃሲን መርኣያ እዩ። እዮም ሃገራውያን ኣብ ዘየድዎ ቃልሲ ድማ ኣብ ገለኡ ተዓዊቶም፡ ኣብ ገለኡ ከኣ ተገዲዮም። እቲ ምግዳይ እቲ ናይ ወጣንናን ምክፍፋልን ውዲት ህዝቢ ኣብ ዘማዕድዎም ሰዓት ጸልዋ ክዝርር ምስ ጀመረ ዝሰዓበ’ዩ። ብሰሩ ከኣ ኤርትራውያን ዋናታትን ጎይቶትን ሃገርና እንኾኑሉ ግዜ ዝናወሐ ፈቓቕ ተፈጥረ።

ንኤርትራን ህዝባን ኣብ ትሕቲ ሃጼያዊ መግዛእቲ ንምቑራን መገዲ ዝጸረገ፡ ዘይሞንታውን ዘይርትዓውን ፈደራላዊ ብይን ምስ ተዋህበ ደማ ንናጽነት ህዝቦምን ሃገሮምን ዝቃለሱ ዝነበሩ ኤርትራውያን ዝሓደርዎም ናይ ጓህን ተሰፋን ስምዒት ብጋዜጣ ሓንቲ ኤርትራን ፕረዚደንት ቀጽሪ ናጽነት ኤርትራ ብዝነበሩ ራእሲ ተሰማ ኣስመሮም ብዝተዋህበ መግለጺ ምግንዛቡ ይከኣል። ቀጽሪ ናጽነት፡ እቲ ቀዳማይን ኣብርሂኡ ዝተዋጋኣሉን ድላዩ፡ ምሉእ ናጽነት ኤርትራ እኳ እንተዘይተረኽበ ኑቲ “ምምቃል” ዝብል ንኤርትራን ህዝባን ዝልኣለም ከጥፍእ ዝተጠንሰሰ ውዲት ከፍሽልን ውሽጣዊ ሓድነት ህዝባን መሬታን ከረጋግጽ ብምኽኣሉ ግና ከም ዓወት ዝርአ ምኻኑ ተመልከተ። እታ ብዘይሕርያ ህዝቡ ብምልእታን ብሰምርታን ኣብ ዘይደለዮ መንቀራቕሮ ክትሰፍር ዝተፈርደ ኤርትራ ሃገርና ከኣ ደቃ ካብቲ መንቀራቕሮ ኣውጺኦም፡ ኣብ ግቡእ ቦታኣ ከምዝመልስዋ እምነት ናይቶም ተቓለስቲ ነበረ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ እታ ኣረጊት ንዝበሉዎ ሃጺያኣውን ኣሰፋሕፋሕን ስርዓታት ብደሞክራሲያዊ ውዳበን ምሕደራን ክትካእ ኣለዋ ትብል ዘመናዊት ዓለም፡ ብመሰል ህዝቢን ውልቀሰብን ትዝምር ዓለም፡ ክሰማዕ ዘለዎ ድምጺ፡ ድምጺ ተገዛእቲ እምበር ድምጺ ገዛእቲ ክኸውን ከምዝይግባእ ተስተምህር ዓለም ዝተፈደየ ጉራቝን ዝኾነ ፍዳ’ዩ። ብመግለጺ ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም ድማ “ውሳነ ፈደረሽን፡ ሓደ ዓቢ ጥልመት ወድ ሰብ፡ ሓደ ዓቢ ጥፍኣት ዓበይቲ መንግስታት ንናኣሽቱ መንግስታት ኮይኑ ይርኣየኒ። ስለምንታይ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከይፈለጠ፡ ከይተጠየቐ፡ ብድሕሪኡ፡ ብጸቡቕ እምነት እናተጸበየ እንከሎ ብሓይሊ ዝኾነ ምትላል ወይ ጥልመት’ዩ”። ህዝቢ ኤርትራ ግና ተጠሊመ ኢሉ ኣይተኾርመየን፡

**“ድምጸኛ’ዩ ህዝቢ፡ ዘይዕገት ማዕበል እምበለይ፡ እምበለይ፡ ኣይግዛእን’የ በል ንትንሳኤኻ’ዩ፡ ናይ ሓርነትካ ደወል”**

ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ሓርነትን ናጽነትን ድምጺ፡ ብውዲት ከምዝይዕፈን ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ዝተጠልመ መሰሉ ብቓልሱ ከረጋግጾ ከምዝወሰነ ዘበሰር ድምጺ፡ ካብ ኣዳል፡ ብሓምድ ኢድሪስ ዓዋተን ብጾቱን ተሰምዐ። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ 30 ዓመታት ብዝወሰደ ቃልሰን ዝተኸፍለ ከቢድ መስዋእትን ከኣ ሓርነቱ ኣረጋገጸ። ኣብ ጉዳይ ሃገሩ፡ ሕርያኡ እንታይ ምኻኑ ንምግላጽ፡ ብሓያላን ሃገራት ዝተነፍገ መሰልን መድረኽን ብምዕታት ደቁ ተዋሕሰለ። ሕርያኡ ከኣ እቲ ኣብ 1940ታት እንተነውሐ ድማ ኣብ 1960ታት ክኸውን ዝነበሮ ምእዋጅ ናጽነ ልኡላዊትን ኤርትራ ምኻኑ፡ ኣብቲ ኣብ ቅድሚ ኹሉ፡ ኣብ 1993 ዝተኻየደ ረፈረንደም፡ ንዓለም ብዘደነቐ ወጽኢት ብድምጹ ኣፍለጠ። ናጽነቱ፡ ብደሙን ብድምጹን ህያው ገበረ። ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ናይ ዓወትን ድኻምን ተመክሮኡ ዝቐሰሞ ምህሮ ቀሊል ኣይኮነን፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓድነትና ልኡላውነትን ልዕሊ ኹሉ ከምዝኾነ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ሰላም ካልእ ገጽ ናይ ኩናት ምኻኑ ዘይፈልጠ፡ ኩናት ኣብ ህዝቦምን ሃገሮምን ብዝፈጠሮን ይፈጥሮ ብዘሎን ሳዕቤንን በሰላን ዘይሰከሉ ፈክርቲ ቅልቅልውጥም ክበሉ ይርኢ ኣሎ። እቲ ዝበርም ድማ ኒቲ ብኽቡርን ረዚንን መስዋእቲ ዘውሓሶ ናጽነቱ ኣመና ነውሪም ብዝኾነ ቃልን ቃናን ከመራስሕዎ ምህቃኖም’ዩ። ህዝቢ ኤርትራ፡ “ዝ ሓንሳእ ፈቲኽና ማዕከር ኣይረኸብናን ካልእ እዋን ሓያላን ስለዝኾንና ዝሞኑና የለን ሰዓቡ ዘራያት ኣለውና፡ ጽጊሑ ብሰላም ኣና ዝበልና” ዝብል ንፋሲያ መግለጺታቶም ዝሆ መልሲ ንጹር’ዩ፡

**“ኣብ ርእሰ ውሳኔ ኤርትራ ዘይኣምን እንታይ ኣፍሊጥዎ ንሰላም ዝልምን”**

ህዝቢ ኤርትራ ‘ዲግኒፋይድ’ ህዝቢ’ዩ ይብል ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብኣጋጣሚ ሓድሽ ዓመት 2012 ምስ ማዕከናት ዜና ወሽጢ ሃገር ኣብ ዘየደዶ ቃለመሕትት። ስለምንታይ እዚ ከሉ ‘ዲተርሚኔሽን’(ወሳንነት፡ ጽንዓት፡ ቁራጽነት)፧ ስለምንታይ እዚ ኩሉ መስዋእቲ፧ ስለምንታይ እዚ ኩሉ ቃልሲ ንሃገራዊ ናጽነት፧ ስለምንታይከ ንዕብየትን ልምዓትን ሃገር ይሰርሕ፧ ስለምንታይ ዝ ኩሉ ተጸማሚ ይኸውን፧ እዚ ኹሉ በታ ‘ዲግኒቲ’ ትብል ኣምር ዝምለስ ‘ዲግኒቲ’ ከኣ ካብ ኑብስኻ ከምዝጅምር ይጠቅስ። እዚ ማለት ግን ካብ ኑብስኻ ንኑብስኻ ዘይካስ ንኻልእ ሰብ ምስ ተኽብር’ዩ። ናይ ሰብ ዋጋን ክብርን ክትፈልጥ ኣለካ። ብዝተፈላለየ መገዲ ክትገጽት የብልካን። ብድዕን ንዕቀትን’ኮ ሓደሽ ፍልስፍና ኣይኮነን። ካብ ዘመናት ፈላስፋታት ዘጸንሕዎ’ዩ። ‘ክብረትካ ሓሉ’ ዝበሃል ኣዘራርባ ኣሎ። እቲ ክብረትካ ሓሉ ናይ መውዳእታ ጉዳይ ኮይኑ’ዩ ዝረኣዩ ንዓይ፡ ይብል።

ዲግኒቲ ዘይብሎም፡ ብዝበደዕን ንዕቀትን ዝሸኽሩ ግን ኣይሰኣኑን እዮም። ዓጀውጀው ናይ ከምዝኦም ዝበሉ ኣርካናት ክሕደትን ፋንጣዝያን ዘዘከረካ ዛንታ ከኣ ኣሎ። ሓደ ሰብኣይ እዩ፡ ኣብ ኢዱ ዝበረት መፍትሕ ኣብ ሓደ ግቢ ዝበለ ጸልም ቦታ ትወድቖ። በቲ ጸልማት ክርእያ ስለዘይከኣለ ድማ እንታይ ከምዝሓየሽ ሓሰበ። ኣብ ማዕዶኡ መብራህቲ ዝበርቦታ ብምርኣዩ ከኣ ናብኡ ብምኻድ ኒታ መፍትሕ ክደልያ ወሰነ። ኒታ መፍትሕ ኣብቲ ብርሃን ዘለዎ ቦታ ክደልያ ጀመረ። ገለ ነገር ጠፊእዎ ሃሰው ይብል ምህላዉ ዘስተወዓለ ሰብ፡ እንታይ ከምዝጠፍኦ ሓተቶ። መልሲኡ ከኣ፡ ገለ’ኳ ከይተሰቆረ።

ህዝቢ ኤርትራ ካብ ፈለማኡ ብረት ዝተሰከመ ሃገራዊ ክብሩን ልኡላውነቱን ዘውሕስሉ ካልእ ኣማራጺ ምስተዓጽዎ’ዩ። ሕጂ ዝተሰከሞ ብረት እንተዛልዩ’ውን ዝ ዕላማ እምበር ንመጽዋርን ስእልን ኣይኮነን። ናይ ናጽነቱ መረጋገጽን ምዕቃርን ኣብዩ ከምዝሎ ዝተኸወለም ወይ ክርእዩ ዝደልዩ እንተዝለየም ድማ ክርእዮም ኣይጽገምን’ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ‘ዲግኒቲ’ ዘለዎ ህዝቢ’ዩ፣ ህዝቢ ኤርትራ ዘይመኣዱ ዘማዕዱ ህዝቢ’ዩ፣ ህዝቢ ኤርትራ ሰላም ዝደሊ ህዝቢ’ዩ፣ ህዝቢ ኤርትራ ኩናት ዘይደሊ ህዝቢ’ዩ፣ መስዋእቲ ፈሪሑ ክብሩ ዘድፍር ህዝቢ ግን ኣይኮነን። ንሰለ ክብረቱ ሻምላኡ ዘልዕል ህዝቢ’ዩ። የማን ከኣ ዝ’ዩ ዘዘየመ፡

**“ደላይ ሰላም ንሱ’ዩ ደላይ ናጽነት ቅኑዕ ንውግእ ዝኸፍል መስዋእትነት”።**

# መዘናጋዒ

ዳህላክ ነጋሲ

## ጥዕናዊ ጥቕሚ ኣካላዊ ምንቅስቓስ




ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንጭዋዳታት ኣካላት ጸዓት ብምሃብ ዝፍጠር ምጭብጫጥን ምዝርጋሕን እዩ። ብቐጻሊ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስ እትዘውትር ምሉእ ጥዕናኣዊ ብቕዓት ክህልወና ይኽእል። ደቂሰብ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምኽያድ፡ ካብ'ቲ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ከተኣታትውዎ ዘለዎም ንጥፈት ምኳኑ ይሕበሩ። ብኣንጻሩ'ዚ፡ ንሓያሎ ሰዓታትን ብቐጻልን ካብ ምንቅስቓስ ተሓሪምም ካብ ኮፍ ዝበሉ ዘይትንቀሳቐሱ ሰባት ኣደዳ ዘይተደለየ ስብሒ፡ ጠንቂ ብዙሕ ዘይተመሓላለፉ ሕማማትን ካልእ ጥዕናዊ ጸገማትን ይኾኑ።

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብዙሕ ዓይነት ምንቅስቓሳት ኣብ ውሽጡ ዝሓቑፈ እዩ። ንኣብነት፡ ብእግሪ ምንቅስቓስ ወይ ምጉዓዝ ብገዛ ኣሳጉማ ቀቅድመኻ ንዘሸይድ ዘሎ ሰብ ብምቕዓም ቅልጥፍ-ቅልጥፍ ኢልካ ክትሰጉም እንክለኻ እዩ። እቲ ንጥፈት ኣብ ሓደ መዓልቲ ብውሑዱ ካብ 30-45 ደቓይቕ ክቕጽል ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሰሙን ከኣ ንሓሙሽተ መዓልታት ኣብ ንጹህ ኣየር ዘለዎ ቦታ ምንቅስቓስ የድሊ።

ብተወሳኺ፡ ዕድመ፡ ኣካላዊ ብቕዓት፡ ጥዕናን ግዜን ኣብ ግምት ብምእታው ካብዚ ዝተጠቕሰ ሰዓታትን መዓልታትን ክውሰኽ ወይ ክጎድል ይኽእል። ካልእ፡ ካብ ዘቤታውን ማሕበራውን ንጥፈታት ብዝበኣ ምውሳእ እዩ። ቀጺሉ፡ ኣብ ነዋሕቲ ህንጻታት ምድያብን ምውራድን ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘጠቓልሉ ባህላውን ዘመናውን ዓይነታት ስፖርት እዮም።

ኣብ ቀረባ ዓመታት ብውድብ ጥዕና ዓለም ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘጽርዎ፡ ብሰንኪ ዘይብቑዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዓመታዊ ኣስታት 3.2 ሚልዮን ሰባት ይሞቱ። ከም ውጽኢት ናይቲ መጽናዕቲ፡ ኣብ ዓለም ካብ 4 ኣኩባት ሰባት እቲ ሓደ ኣብ ንጥፈታት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ከም ዘይሳተፍ የጽር። ብሰሪ ጉድለት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ካብ ዝኸሰቱ ጥዕናዊ ጸገማት ሕማም ልቢ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም፡ መንሸሮ፡ ሽኮርያ፡ ሕማማት ኣእምሮ፡ ዘዩድሊ ዓቐን ስብሒ ምኽዛንን ሕማማት መላግቦን ብቐዳምነት ዝጥቀሱ እዮም።

ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብቐሊሉ ከተግብሮ እንኽእል ንጥፈት እዩ። በዚ እምበኣር፡ ኣገዳሲኡ ተረዲእና ብሰንኪ ዘይምዝውታርና ንዝተፈላለዩ ሕማማት ክንቃላዕ ንኽእል። ስለዚ፡ ዋላ'ውን ስራሕና ጸዕቒን ንኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘይዕድምን እንተኾኑ ክኸሰት ንዘኽእል ሳዕቤን ብኣጋ ተገንዚብና ፍሉይ ኣተኩሮ ክንህበሉ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ተማሃሮን መንእሰያትን ፍርያት ቴክኖሎጂ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ንሓያሎ ሰዓታት ካብ ምግልጋል ተቖጢብና ክብር ግዜና ንጥዕና ውሕስነት ኣብ ዝሃብ ንጥፈት እንተ ኣውዓልናዮ ዝያዳ ተመራጺ እዩ።

ብቐጻሊ ኣካላዊ ምቅስቓስ ምዝውታር ብዙሕ ጥቕምታት ኣለዎ። ንውሑድ ካብ ረቡሓታቱ ምስ እንዝርዝር፡ እኹል ኦክስጅን ኣብ ኣካላት ብምእታው ከምኡ'ውን ንዝተመገብናዮ መግቢ ብምቅጻል ናብ ጸዓት ብምልዋጥ፡ ልዕሊ ንብር ስብሒ ኣብ ኣካላት ከይእከብ ይከላኸል። ካልእ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነት ነብራት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ካብ ምምዕባል ይከላኸል። ብዘይካ'ዚ፡ ስራውር ደምን ጭዋዳታትን ብዝበኣ ንጥፈታቶም ንኸካይዱ ይሕግዝ።

ተወሳኺ፡ ንኣዕጽምቲ ኣካላት ንኽትረሩ ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ንጥፈታት የበራብር። ወሲኹ፡ ምሉእ ጥዕና ዘለዎ ዕምሪ ንኽህልወካ ይሕግዝ። ማዕረ-ማዕሪ'ዚ፡ ምዕሩይ ኣካላዊ ክብደት ከም ዝህልወካ ብምግባር፡ ጭንቀትን ሕማም ረሰዐን የጉድል። ካልእ፡ ጸገማት ሰእነት ድቃስ ብምጉዳል፡ ሕማቕ ወልፍታት ካብ ምምዕባል ይገትእ። ምእንቲ'ዚ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዝኾነ ገንዘባዊ ክፍሊት ዘይጠልብ እሞ ድማ ብዙሕ ጥዕናዊ ረብሓታት ዘውህብ ካብ ኩሉ ደረት ዕድመ ብዘየገድስ ኩሉ ሰብ ወርትግ ኣብ ሜላ ኣነብራኡ ከተኣታትዎን ክስዕቦን ይግባእ።

## ብከላ ድምጺ

ድምጺ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ኣብ ከባቢና ዘሎ'ዩ። ቀንዲ ምንጪ ብከላ ድምጺ፡ ኣብ ዓንኬል መራኽቢ መስመራት ዝፍጠር ድምጺ፡ ሓዲድ ባቡር፡ ናይ ህንጻ ቦታታት፡ ፋብሪካታት፡ መንገዲ ኣየርን ካልእን ክጥቀስ ይኽእል። ኣብ ሃገርና ወይ ከባቢና'ኸ ብኸመይ ይኽሰት ምስ እንምልከት፡ ካብ ፋብሪካታት ዝፍጠር ድምጺ፡ ዝተፈላለዩ ዘቤታዊ መሳርሒታት፡ ኣብ ሃይማኖታዊ፡ ባህላውን ሃገራውን ጽንብላት እንጥቀመሉም መጉልሒ ድምጽታት፡ ኣብ ፈቓዶ ጉደናታት ዝውልዑ ረበሻ ድምጽታትን ካልኦትን ከም ጠንቂ ዝጥቀሱ እዮም። ኣብ ከባቢና ምሕር ረባሽ፡ ቅሳነት ዝኸልእ ኣቓልቦ ዝጥምዝዝ ከምኡ ድማ ንኣእዛንና ዘቖጥዕ ዘይተደለየ ግዳማዊ ድምጺ ኣብ ዝኸሰተሉ እዋን ብከላ ድምጺ ከም ዘሎ ክንግንዘብ ንኽእል። በዚ ምኽንያት፡ ብከላ ድምጺ ንንብር ንጥፈታት ወይ ንዕለታዊ ህይወትና ብኣሉታ ብምጽላው - ረብሻ፡ ጫውጫውታን ህውከትን ይኽሰት።

ውድብ ጥዕና ዓለም ዝኢ ኣመልኪቱ ኣብ ዘውጽኦ ጽሑፉ፡ ብከላ ድምጺ ንጥዕና ደቂሰብ ካብ'ቶም ኣስጋኢ ረቛሒታት ከም ዝኾነ ይሕብር። ከንዲ ዝኾኑ ብሰሪ ዘይውሑስ ኣጠቓቕማ ድምጺ ብኣህጉር ደረጃ ኣስታት 1.1 ሚልዮን ኮተቴ ኣብ ድርኩኺት ምምዕባል ዝርከብ ሃገራት ናይ ምስማዕ ጸገም ከም ዘጋጠሞም ወሲኹ'ቲ ጸብጻብ የጽር። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ተን ማእከላይን ልዑልን እቶት ዘለወን ሃገራት ድማ ኣስታት 50% ማለት ካብ 12-35 ዝዕድመኦም ሰባት ንዘይውሑስ ድምጺ ክቃልዑ እንከለዉ፡ ካብዚኦም እቶም 40% ንሓደገኛ ድምጺ ዝተቓልዑ ምኻኖም ይግለጽ። ብኣውራኡ ውልቀሰባት ብሰንኪ ዘይውሑስ ኣገባብ ኣጠቓቕማኦም ንሓደጋ ዝያዳ ዝተቓልዑ እዮም። ብተወሳኺ፡ ብዓለም ደረጃ ካብ 20-30% ዝበጽሑ ኣብ ከተማ ዝነብሩ ህዝቢ ብፍላይ ሰራሕተኛታት ኢንዱስትርያዊ ብከላ ድምጺ ዝተቓልዑ ምኻኖም ይሕብር።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብከላ ድምጺ ኣብ ጥዕና ደቂሰብ ጥራይ ዘይኮኑ እንተላይ ኣብ እንስሳታትን ኣከባብን ኣሉታዊ ጽልዋ ከስዕብ ይኽእል። እቲ ኣብ እዝኒ ዝስዕብ ጉድኣት ብሰንኪ እቶም ዝውህለሉ መርዝማት ጭኢታታት ከምኡ'ውን ቀጥታዊ ሓይሊ ወይ ብርትዐን ድምጺ ኣብ ውሽጣዊ ክፋል እዝኒ ዝስዕብ እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ እቲ ዘኸትሎ ሳዕቤን ነባሪ ወይ ግዜያዊ ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት፡ ሓደ ሰብ ንብርቱዕ ድምጺ ኣብ ዝቃልዓሉ እዋን እቶም ኣብ ውሽጣዊ ክፋል እዝኒ ዝርከቡ ዋህዮታት ይዳኸሙ'ሞ፡ ግዜያዊ ናይ ምስማዕ ጸገም የጋጥሞ።

በዚ ምኽንያት፡ ዝኾነ ግዳማዊ ድምጺ ኣብ ዘይህልወሉ እዋን ኣብ እዝኒ ሽሹ ጨጭጨን ካልእን ዝበሉ ድምጽታት ይሰምዖ። ከም ሳዕቤኑ፡ ግዜያዊ ምቅይያር ናይ ምስማዕ ስለ ዝፍጠር፡ ሓደ ብሕሹኽታ ዝሰምዖ ዝነበረ ሰብ ድምጽኻ ኣበራኺኻ ኣብ ዝተሰምዓሉ ደረጃ ይበጽሕ። ኣብዚ ክስተውዕሉ ዝግባእ፡ ንብርቱዕ ድምጺ ምቕላዕ ዘገምታዊ ግን ከኣ፡ ዳግማይ ክጽገን ወይ ክመሓየሽ ዘይኽእል ሃሰያ ኣብ ዋህዮታት የስዕብ። ንብርቱዕ ድምጺ ኣብ እንቃልዓሉ እዋን፡ ሽዑ-ንሽዑ ዘይ ክስተብህሎ ንኽእል ኢና። እንተኾኑ ምስ ንውሓት ግዜ ግን ኣሉታዊ ጽልዋኡ እናገደደ ይኸይድ።

ገለ ሰባት ንልዑል ብከላ ድምጺ ምስ ዝቃልዑ፡ ኣብ ብቕዓት ናይ ምስማዕ ቅጽበታዊ ለውጢ ክርእዩ እንከለዉ፡ ገለ ድማ ቀልጢፎም ለውጢ ዘይክርእዩ ይኽእሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ዕድመ፡ ሕማም ሽኮርያ፡ ጸቕጢ ደምን ምትካኽ ሽጋራን ብከላ ድምጺ ንዘስዕቦ ናይ ምስማዕ ጸገም መሊሶም ዘጋድዱ ወይ ደረኽቲ ረቛሒታት ምኻኖም ይፍለጥ። ብዘይካ'ዚ፡ ብከላ ድምጺ ኣእምሮኣዊ ዘይምርግጋእ ብምፍጣር፡ ረብሻን ቍጥዐን ክኽሰት ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ልዑል ፍረኩዌንሲ ዘለዎ ድምጺ ዝያዳ ናይ ምርባሽ ባህሪ ይህልዎ። ኣብዚ መዳይ ኣተኩሩ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ውሑድ ስለ ዝኾኑ ብመንጽሩ ብዝዕባ ኣብ ስነ-ኣእምሮ ክኸትሎ ዝኽእል ሕማማት ዝተረኽበ ሓበሬታ ውሱን እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብከላ ድምጺ ኣብ ህጻናት ከስዕቦ ዝኽእል ኣሉታዊ ጽልዋ ብቐሊሉ ዘይጥመት እዩ። ብፍላይ፡ ንብከላ ድምጺ ኣብ ዝተቓልዓ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝመሃሩ ህጻናት፡ ትሑት ብቕዓት ትምህርቲ ከመዝግቡ ዘለዎም ተኽእሎ ልዑል ምኻኑ መጽናዕትታት የብርሁ። ኣብ ክልተ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዘጽሮ፡ እተን ኣብ ብከላ ድምጺ ዘለዎ ሰፍራ ዝተደኮና ኣብያተ-ትምህርቲ ምስ'ተን ኣብ ብከላ ዘይብሉ ከባቢ ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ዝተወዳደራሉ እዋን፡ ኣብ'ቶም ንብከላ ዝተቓልዑ ተማሃሮ ብቕዓቶም ኣብ ምንባብ፡ ምዝኽኻርን ትኹረትን ትሑት ኮይኑ ተረኺቡ። እቶም ንብከላ ዝተቓልዑ ተማሃሮ ናብቲ ውሑስ ኣከባቢ ምስ ተሰጋገሩ፡ ብቕዓቶም ከም ዝተመሓየሸ ይሕብር። ስለዚ፡ ዝተፈላለየ ረባሺ ድምጺ ዝፈጥር መጻወቲ ናይ ቈልዑ ምስቲ ቅርበትን ንውሓት ግዜን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ትሑት ዝኾነ ምልክት ቋንቋ፡ ትሑት ትኹረት ከምኡ'ውን ስነ-ልቦናዊ ረብሻ ኣብ ህጻናት ዘምጽእ እዩ። ምስ'ዚ ብምትሕሓዝ ብፍላይ ትሕቲ ክልተ ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት ዝኾኑ ስክሪን ናይ ቴለቪዥንን ሞባይላትን ምሉእ-ብምሉእ ክርእዩ ኣይግባእን።



## ጥቕስታት ሓጐስ

# እቲ ሓቀኛ ዕበየት ሕያዋይ ምኳን እዩ፡ እቲ ሓቀኛ ልቦና ድማ ሕጉስ ምኳን እዩ።
# ሕጉስ ንኽትከውን ልዕሊ ኩሉ ድምጽታት ውሽጥኻ ስማዕ።
# ሽግር እንተ ኣጋጢሙካ ጸቡቕ እዩ፡ ምኽንያቱ እወታዊ ኣተሓሳስባ ንዘውንን ሰብ ምንጪ ዓወት ስለ ዝኾነ።
# ሕጉስ ንኽትከውን ብእወታዊ ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ምጽናዕን ምሕሳብን ግዜኻ ምውዓልን ተጸመድ።
# ካብ ሓጎስ ዝበልጽ መመላኽዒ ደቂሰብ የለን።
# እቲ ብኸመይ ከም ዝስሕቕ ዝፈልጥ ሰብ፡ ካብ ምዝንጋዕ ኣየቋርጽን እዩ።
# ንህይወት ድሕሪ ኢልካ ክትርድኣ፡ ቅድም ኢልካ ክትነብራ ኣለካ።
# ሕጉስ ክትከውን ንጸላእትኻ ሕድገት ግበረሎም፡ ኣስምትዮም ግን ኣይትረስዖም።
# ኣብ ህይወት ሰብ ካብ ምፍቃርን ሕጉስ ንምኳን ካብ ምጽዋርን ኣድካ ክትህብ ኣይግባእን።
# ኣብ ዓለም እቲ ዝበለጸ ስምዒት ሕጉስ ምኳን እዩ።

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

# ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ዝሰላሰሉ ዘለዉ ፕሮጀክትታት

ስእሊ፡- ክብሮም ጸሃየ

ኣብ 2026 ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት ተሰላሲሎም፡፡ ገለ ካብቶም ፕሮጀክትታት ድማ ኣብ ማዕርሖ ደርከቡ፡፡ ምትዕርራይ ጽርግያ፡ ምዝርጋሕ መስመር ኤለክትሪክ፡ ህንጻት ንግዳዊ ባንክ፡ ህንጻት ህንጻ ኤሪትል፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ገለ ካብቶም ኣብዚ ዓመት'ዚ ዝተሰላሰሉን ኣብ ምስልሳል ዝርከቡን እዮም፡፡ ብደረጃ ሃገር፡ ዓበይቲ ካምፓኒታት ኮብንያ ሰገነን ኣሰፔኮን ዝተሳተፍኦ ፕሮጀክት እዩ፡፡

ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ 118 ዓዲታትን 26 ምምሕዳራትን ከቡበን ትሓቀፍ፡፡ ሳላ'ቲ ዝሰርሑ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተመሓየሸ ይመጽእ ከም ዘሎ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሽከር ዝገልጹ፡፡ ብፍላይ ኣብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት "ትምህርትን ጥዕናን፡ ዝምስገን እዩ" ድማ ይብሉ፡፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጸገም ኮይኑ ዝጸንሐ ምቹእ ጽርግያ ዘይምንባሩ'ዩ፡፡ ብፍላይ ከኣ ካብ ዓዲ ቀይሕ ክሳብ ሰርሓ ዘሎ፡፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ምትዕርራይ ተገይሩሉ ዝሓሸ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከብ፡፡ ሳላ ዝተገበረ ምትዕርራይ፡ ህዝቢ ድሮ ዝሓሸ ኣገልግሎት መጎዓዝያ ክረክብ ክኢሉ ኣሎ፡፡ ናብ መስመር ሰንዓፈ ሰርሓ ዘይመጻ ዝነበራ፡ ሓሪት፡ ንኣሽቱ መካይን ብዘይ ዝኾነ ጸገም ይኣትዋ ከም ዘለዋ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ጠቒሶም፡፡ "ኣብ መጎዓዝያ ዝነበረ ጸገም ተፈቲሑ ክብሃል ይከኣል" ክብል ድማ ገሊጹ፡፡ ኣባል ኮብንያ ህንጻ ኣሰቡኮ መሃንድስ ተወልደመድህን መሓሪ እቲ ጽርግያ ተሃኒጹ ስለ ዝጸንሐ ብዝበለጸ ኣገባብ ተዓርዩ ከም ዘሎ'ዩ ገሊጹ፡፡

ኣብ ህዝቢ ከኣ ዓቢ መስተርሆ ፈጢሩ ኣሎ፡፡ ብዘይካ'ዚ ብኮርፖረሽን ሓይሊ ኤለክትሪክ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ይሰላሰሉ ኣለዉ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ መስመር ኤለክትሪክ ሰንዓፈ ብጀነተራት ናይ ዓዲ ቀይሕ'ዩ ኣገልግሎት ክረክብ ጸኒሑ፡፡ እተን ጀነረተራት ናይ ዓዲ ቀይሕ ሓደስቲ ኣብ ዝነበራሉ ግዜ ጽቡቕ ኣገልግሎት ይህባ እኳ እንተነበራ፡ ምስ ግዜ ግን እናደኸማ ብምምጽኤን ካብ ስራሕ ወጻኢ ኣብ ዝኾናሉ ደረጃ እየን በጺሐን፡፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ግን መስመር ኤለክትሪክ ዓዲቐይሕ ሰንዓፈ ምስቲ ሃገራዊ መስመር ስለ ዝተሓወሰ ጽቡቕ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከብ፡፡

ሃገራዊ መስመር ኤለክትሪክ ብሰንዓፈ ኣቢሉ ክሳብ ሰርሓ እዩ ተዘርጊሑ ዘሎ፡፡ ልዕሊ 20 ዓዲታት ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣብ ማዕርሖ ምዝርጋሕ መስመር ኤሌክትሪክ ይርከባ፡፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ምሉእ ብምሉእ ኣገልግሎት ኤለክትሪክ ክረኽባ እየን፡፡ ፍርቂ ብዝሓ ናይቲ ንኡስ ዞባ ኣብዚ ቀዋሚ ክፋል ምዝርጋሕ ምሉእ ኣገልግሎት ክረክብ እዩ፡፡ እተን ዝተረፋ ዓዲታት'ውን እናቐረባ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክኣትወን ከም መደብ ተታሒዙ ኣሎ፡፡ ካልእ ካብቲ ጸገም ኮይኑ ዝጸንሐ፡ ኣገልግሎት ባንክ እዩ፡፡ ህዝቢ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ንዓዲ ቀይሕ እናተመላለሰ እዩ ኣገልግሎት ባንክ ክረክብ ጸኒሑ፡፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ህንጻ ንግዳዊ ባንክ ይስራሕ ኣሎ፡፡ ድሮ ህንጻት ንግዳዊ ባንክ 80 ሚእታዊ ተዛዚሙ ይርከብ፡፡ ብዘይካ'ዚ ህንጻ ኤሪተል'ውን 90 ሚእታዊት ተዛዚሙ ይርከብ፡፡ ኣብ ሃግመተኤ ንኡስ



ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሽከር

ዞባ ሰንዓፈ'ውን ዓቢ ኣዳራሽ ተሃኒጹ ኣሎ፡፡ ስለዚ እቲ ዝሰላሰል ዘሎ ንጥፈታት ኣብ ጽቡቕ ከም ዝርከብ ኣቶ እድሪስ ዓሊ የረድኡ፡፡ ብዝለዓለ ደረጃ ተደፊኦሉ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ፡ መዋእለ ህጻናት እዩ፡፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ ከም ዝኽፈት እዩ ተገይሩ፡፡ እቲ ርሑቕ ዓዲታት ምስ ሰሚናዊ ባሕሪ ዘራኽብ ከይተረፈ መዋእለ ህጻናት ተኸፊቱሉ ይርከብ፡፡ እቲ ዝተርፍ ስራሕ ብቐዓት፡ ምርግጋጽ ምዃኑ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሽከር ኣብሪሁ፡፡ ብሓፈሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ዝርግሐ ኣብያተ ትምህርትን ኣገልግሎት ጥዕናን ዕፁብ እዩ፡፡ ኣብ ማዕርሖ ህንጻት እትርከብ ሓንቲ ትካል ጥዕና'ውን ኣላ፡፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ምግባር፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝለዓለ'ዩ ዝስራሓሉ፡፡ ብዘይካ'ዚ ምስ ንህቢ ዝተኣሳሰር ብዙሕ ስራሕ ተሰሪሑ'ዩ፡፡ ኣብ ምግባራን ምዕቃብ ማይን ሓመድን ንሓሙሽተ ዓመት ዝቐጽል መደብ ተታሒዙ ኣሎ፡፡ ምስ ግዜ ግን እቲ ፕሮጀክት ናብ ዲጋታትን ከትርታትን ክሰግር ምዃኑ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ኣፍሊጡ፡፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ንህዝቢ ሸቓሎት ኣብ ምፍጣርን ውሕስነት መግቢ ኣብ ምርግጋጽን ዓቢ ተራ ከም ዝነበሮ ድማ ጠቒሱ፡፡ ኣብ ቀጻሊ ከኣ ኣብ ንህቢ፡ ኣብ ጥሪት፡ ኣብ ደርሁ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምግራብን ጸቒጦም ክሰርሑሉ ምዃኖም ኣቶ እድሪስ ኣብሪሁ፡፡



ኢንጅነር ተወልደመድህን መሓሪ

ካልእ ኣብዚ ክልተ ዓመት ብዝሰፍሐ ዝተሰርሓሉ፡ ናይ ወልቀ ምግራብ እዩ፡፡ ኣብ ዓዲታት፡ ነፍሲ ወከፍ ገዛር መሬት ተዓዲሉ እዩ፡፡ ከረምቲ ከኣ ዝተዋህቦ ተኽሊ ይተኽለሉ፡፡ እቲ ገረብ ውልቀ ዋንኡ እዩ፡፡ ብዘይካ ሊሓ ካልኦት ዓዲታት ኩለን ተዓዲለን ተኸለን፡፡ ሎሚ ዓመት ምስቲ ዝነበረ ዋሕዲ ዝናብ ብዙሕ ከምቲ ዝድለ ኣይከደን፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ኣግራብ እዩ ተተኺሉ፡፡ እዚ ድማ ብውልቀ ሰባት፡ ብኮምን ብትካላትን'ዩ ተተኺሉ፡፡ እቲ





ከተማ ሰንዓፈ



ብውልቂ ዝተኸለ ዝያዳ ኣድማዒ ኮይኑ ከም ዝተረኽበ ድማ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ገሊጹ፡፡ ኣብ ቀጻሊ'ውን ብዝለዓለ ክድፍኣሉ ከም መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ፡፡ ካብ ሰንዓፈ- ንዓዲ ቀይሕ፡ ንደቀምሓረ፡ ንኣስመራ ህዝቢ መዓልታዊ ኣገልግሎት ሓሪት ይረክብ፡፡ ክሳብ ኣምበስተገለባን እምባዮይራን ዝኸይድ መስመር ኣሎ፡፡ ኣብ መስመር ጽርግያ ገለኡ ዘይምቹእ ናይ ሓመድ ጽርግያ ከም ዘሎ ኣቶ እድሪስ ይገልጽ፡፡ ሰንዓፈ- እምባዮይራ፡ ሰንዓፈ- ኣምበስተገለባ ኣገልግሎት ሓሪት ካብ ዝረክብ ከባቢ እዩ፡፡ ክሳብ መኸሰይቶ'ውን ክበጽሕ ከም መደብ ተታሒዙ ኣሎ፡፡ መስመር እንዳ ዳሽምን ዝግሬትን ብሰንኪ ዘይጥጡሕ ጽርግያ ከምቲ ዝድለ ኣገልግሎት ኣይቀጸለን፡፡ ብሕጂ ጸገናታት ተኻይዱ ክቕጽል ምዃኑ ኣቶ እድሪስ ኣፍሊጡ፡፡ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ምቹእ ኣቀማምጣ ስለዘይብሉ በዳዊ ከባቢ እዩ፡፡ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ናይ ሕርሻ ቦታ ኣይኮነን፡ ጥርኑፍ ህዝቢ'ውን የለን፡፡ እቲ ህዝቡ ፋሕፋሕ ኢሉ'ዩ ዝነብር፡፡ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ክሳብ ሕጂ ዘይተማለሰ ዘሎ ሕቶ፡ ምጥርናፍ ናይ ህዝቢ ምዃኑ'ዩ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ዝገልጽ፡፡ መንግስቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ንምጥርናፍ ፈተነታት እኳ እንተኻየደ ዕዉት ኣይነበረን፡፡

ኣብዚ ግዜ'ዚ ናይ ማይ ሕቶ ክፍታሕ ከም መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ ከኣ ኣብሪሁ፡፡ ኣብ እምባ ሶይራ ማእከላይ ቦታ፡ ዲጋታትን ከትርታትን ክስራሕ ባጀት ተሰሊዑ ከም ዘሎ ኣቶ እድሪስ ኣፍሊጡ፡፡ እዚ ናይ ማይ ጸገም ምስተፈትሐ፡ ዝበን እምባሶይራ ሓደ ሓወሲ ከተማ ፈጢርካ እኹል ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክረኽቡ ምድላዋት ይግበር ከም ዘሎ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ገሊጹ፡፡ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ኣገልግሎት ትምህርቲ ከምቲ ዝድለ ከም ዘሎ እውን ጠቒሱ፡፡ ናይ ማይ ሕቶ ፈቲሕካ ሓወሲ ከተማ ፈጢርካ እቲ ህዝቢ ዝጥርነፈሉ መዳይ ምፍጣር ከም መደብ ተታሒዙ ኣሎ፡፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ማሕበር ኣፍረይቲ ንህቢ ኣሎ፡፡ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ቀንዲ ካብቲ ተታሒዙ ዘሎ መደባት፡ ምፍራይ ንህቢ እዩ፡፡ እምባ ሶይራን ሰንዓፈን ቀንዲ ዝፍለጠሉ'ውን መዓር እዩ፡፡ እቲ ህዝቢ ንመነባብሮኡ ዝጥቀመሉ ይኹን ናብ ዕዳጋ ኣውሪዱ ኣታዊ ዝረኽበሉ እንተሎ፡ መዓር እዩ፡፡ ኣብ መስኖኣዊ ሕርሻ ክኣቱ ኣለዎ ተባሂሉ ኣስታት 250 ሄክታር ዝተጸንዐ ኣሎ፡፡ መነባብሮ ንምምሕያሽ ከም መደብ ተታሒዙ ዘሎ መስኖኣዊ ሕርሻ ምዃኑ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሓቢሩ፡፡ "ተሳታፍነት ሰራዊት ምክልኻል ኣብ ኩሉ መዳይ ህንጸትን ልምዓትን ብቓላት ዝግለጽ ኣይኮነን" ብምባል ድማ ንኣበርክቶ ሓይልታት ምክልኻል ይገልጽ ኣቶ እድሪስ ዓሊ፡፡

ኣስታት 1,211 ትርብዒት ኪሎ ሜተር ስፍሓት ዘለዋ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ ካብ 12 ንኡሳን ዞባታት ደቡብ ብስፍሓት ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትስራዕ፡፡ ስፍሓት ዝሕረስ መሬት ድማ ከባቢ 16 ሽሕ ሄክታር እዩ፡፡ ምቹእ ክሊማ ዘውንን ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ንኹሉ ዓይነት ዘርኢ ዝሰማማዕ እዩ፡፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ክሳብ 11 ዝበጽሑ ዘራእቲ ይዝርኡ፡፡ ብተፈጥሮኣውን ጥንታውን ቦታታት ዝፍለጥ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ፡ እቲ 3,700 ብራኸ ዘለዎ ዝዓበየ ጎቦ እምባሶይራ ኣብ ሕምብርታ'ዩ ዝርከብ፡፡ ህዝቢ ንኡሱ ዞባ ሰንዓፈ ዝበዝሐ ብሕርሻ፡ ዝተረፈ ብመጓሰ ብጥምዲን ብሸቓለትን ይናበር፡፡ ብሰላትን ሓድነትን ዝነብር ህዝቢ'ዩ ዘለዎ፡፡ ማእከላይ መጠን ዝናብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ዓመታዊ ኣስታት 550 ሚሊሜተር ኣቢሉ ይበጽሕ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ከኣ ክሳብ 600 ሚሊሜተር በጺሑ ከም ዝነበረ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ጠቒሱ፡፡ ኣብ ገለ እዋን ክሳብ ከባቢ ሽሕ ሚሊሜተር ዝበጽሓሉ ግዜ'ውን ኣሎ፡፡ ናይ ሎሚ ዓመት ክረምቲ ግን ከምቲ ዝድለ ኣይነበረን፡፡

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሻምፕዮን ኣፍሪቃ - ሄብሮን ነሓስ መዳልያ ኣምጺኡ

### ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ሻምፕዮን ኮይና

ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ - ሄብሮን ብርሃ፡ ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ናይ ጽርግያ ውድድር ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2026 ናይ ዓበይቲ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ሳልሳይ ብምእታው ነሓስ መዳልያ ኣንጠልጠለ።

እቲ ኣብ መዛዘሚ ዕለት ዝተሰላሰለ ውድድር፡ ፈለማ 175 ኪሎሜተር ተሰሪዑ እንተነበረ፡ ወደብቲ ግን፡ 22 ኪሎሜተር ብምቕራጽ፡ ናብ 153 ኪሎሜተር ኣጒዲሎሞ። ገለ ካብዞን ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ከርብሓ ትጸበ ዝተጉብረሉን ዓቕብታት ድማ፡ ካብታ ውድድር ወጺኤ ኮይነን።

በዚ ድማ፡ እዛ ብዮናስ ዘርኣያስ ዝተመርሐት ጋንታ፡ ብዩም ዓቕብታት ናይ ምሕላር ብሉጽ ዓቕሚ ዘለዎም ተቐዳደምቲ ኣብላ ኣብዘን ዓቕብታት መጥቃዕትታት ብምዝያድ ክትረብሕ ዝብራ መደብ፡ ሰሪ ምእላዎን መደባ ክትቕይር ተቐሲቡ።

ገለ ካብ ተጠቀስቲ ፍጻመታት ናይቲ ኣብ ጎልጎል ዝዑበለሎ ቅርጺ መሬት ዝተኻየደ ናይ ቸርኪቶ ውድድር፡ መርሃዊ ቅዱሱ፡ ጸወታ ክዛዘም 25 ኪሎሜተር ምስ ተረፎ ዝፈጸሞ መጥቃዕቲ እዩ። ናይ ዓሚ ዕወት ናይዚ ውድድር መርሃዊ፡ ክብሩ ንምዕቃብ ድማ፡ ዝተቓረበ ማሰሉ።

ይኹን እምበር፡ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ተቐዳዳማይ ካሉም ኦርሚስተ፡ ብሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ንዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ኣምኪኑ መልሰ መጥቃዕቲ ብምክያድ፡ መገዲ ንበይኑ ተተሓሓዘ። እተርክቦ ጉጅለ ብዘይምንባራ ከኣ፡ ፍልልይ እናዓቀበ ብ3 ሰዓት፡ 44 ደቒቕን 2 ካልኢትን ‘ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2026’ ኮይኑ። ንሃገሩ ድማ፡ ድሕሪ 2021 ንፈለማ ግዜ ወርቂ መዳልያ ናይዚ ምድብ ኣምጺኡላ፣ ኣብቲ እዋን ሪያን ጊቦንስ እዩ ሻምፕዮን ኮይኑ ነይሩ።

ሞሮካዊ ዳረስ ኣል ኣሎኣኒ፡ 20 ካልኢት ድሒሩ ካልኣይ ክኣቱ እንከሎ፡ ሄብሮን፡ 34 ካልኢት ደንጊዩ ሳልሳይ ኣትዩ። ዓሚ መበል 27 ዝኣተወ ሄብሮን፡ ኣብ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ እቲ ዝበለጸ ደረጃኡ ኣመዝጊቡ።

ኣብ 2025 ናይ ዓበይቲ ትሕቲ 23 ዓመትን ሻምፕዮን ዝነበሩ መርሃዊ ቅዱስን ዓወት ኣማኑኤል፡ 43 ካልኢት ምስ ዝደሓረት ጉጅለ ኣትዮም፡ ብተኸታታሊ ሻዱሻይን ታሽዓይን ደረጃ ሒዞም።

ዝተረፉ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፥ ህያብ ሃብቶም መበል 17፣ ንፍታሌም ኤፍሬም መበል 28፣ ያፌት ሙልጌታን ናሆም ዘርኣይን መበል 32ን 33ን ደረጃ ሒዞም። ሚሮን ምስጉን፡ ናታን መድሃኔ፡ ኤሾን የማነን ውድድር ኣይዛዘሙን - ብማሰረት ሓበሬታ ኣሰልጣኒ የናስ ዘርኣያስ።

ኤርትራ፥ ዝሓለፈ ዓመት ኣብዚ ካታጎሪ ብመርሃዊ ቅዱስ ኣብ ዓበይቲ፣ ብዓወት ኣማኑ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ሻምፕዮን ምንባራ ይዝከር። ብሓፈሻ ኣቐዲማውን ሰለስተ ተኸታተልቲ ዓመታት ብሄኖክ ምሉእብርሃን ሻምፕዮን ምንባራ ኣይዝንጋዕን፣ ስለዚ ናይ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ሻምፕዮን ናይዚ ውድድር ነይራ።

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፥ ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር፡ ብመርሃዊ ኣብ ናይ ዓበይቲ ካልኣይቲ፡ ኣብ ትሕቲ 23 ዓመት ብያፌት ቀዳመይቲ ምውጽኣ ይዝከር። በዚ ከኣ፡ ምስ ናይ ሄብሮን ነሓሰን፡ ሓሓንቲ ወርቂ፡ ብሩርን ነሓሰን ብድምር ሰለስተ መዳልያታት ኣምጺኣ።


ሄብሮን፡ ምስቶም ቅድሚኡ ዝኣተዉ ደቡብ ኣፍሪቃውን ሞሮካውን


ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ኣብ ቅድሚት ተገዲሞም ጸወታ እናቐለሱ

## ቅዲ ጸወታ ሞሪኖ፡ ንማድሪድ ልዕሊ ባርሳ ጸብለል ኣቢሉዋ

ሰንበት ምሸት፡ እቲ ልዑል ሽፋን ዝወሃቦን ዝጽበዩ ናይ ክለባት ግጥም ምኻኑን ዝገለጽ ወርትግ ኣፍቃሪ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ዝስሕብ ርክብ ባርሴሎናን ሪያል ማድሪድን፡ ብዓወት ሪያል ማድሪድ ተዛዚሙ።

ሪያል ማድሪድ፡ ቀዳማይ እብረ፡ ብመንገዲ ኪሊያን ምባፐ ብዘቑጸረታ ሸቶ መሪሕነት ሒዙ። ባርሳ ከኣ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ብመንገዲ ሓሊቓኣ ራፊንያ ተመዓራሪያ። መበል 13 ናይ ሊግ ሸቶኡ እያ - እዚ ብራዚላዊ።

ኣብ መበል 87 ደቒቕ ግን፡ በሊንግሃም ውልቃዊ ብቕዓቱ ኣንጸባሪቑ ዘጠቦ ኩዕሶ፡ ካማቪንጋ፡ ምባፐ ንኽመዝግቦ ቀሊል ዕድል ፈጢሩሉ፣ ምባፐ ንዕኡን ንጋንታኡን ካልኣይቲ ሸቶ ኣቑጺሩ። ብሓፈሻ መበል 11 ናይ ሊግ ሸቶኡ። ማድሪድ ከኣ፡ 2ብ1 ተዓዊታ።

ባርሴሎና፡ ቀዳማይ ስዕረት ናይዚ ወቕቲ ናይ ላ’ሊጋ ቀሚሳ፣ ዝነበረን ፍልልይ ከኣ፡ ካብ ሽዱሽተ ነጥቢ ናብ ሰለስተ ጎዲሉ።

### ዝነበረ ቅዲ ጸወታን ስትራተጂን

#### 1. ስትራተጂን ኣቀራርባን ሪያል ማድሪድ

* ብሉጽ ናይ መልሰ መጥቃዕቲ (Counter-Attack) ሜላ ሒዛ ዝቐረበት ሪያል ማድሪድ፡ ብብዙሒ ቁጽጽር ኩዕሶ (Possession) ጸወታ ተቖጻጺራ ንዝነበረት ባርሴሎና፡ ኩዕሶ ካብ ቁጽጽራ ወጺኡ ኣብ እትኸሓሉ እዋን ንዝፍጠር ዝነበረ ክፍተት ቦታ፡ ብቕልጡፍ ክትረብሓሉ እያ ትፍትን ነይራ።

ኣጉዚብ ምክልኻል ኩሉ ቅርጡው ብምንባሩ (Compact block ኮይኑ ባርሴሎና ተደጋጋሚ ክትሓልፎ ዘሸገራ ነይሩ) ተጻወትቲ ባርሴሎና ንክረብሓሉ ኣጸገምዎም።

ኣብቲ ናይ መልሰ መጥቃዕቲ እዋን ከኣ፡ ፍጥነት ከይላን ምባፐ ልዑል ተራ ነይሩዎ። ምባፐ፡ ካብ ጸወታ ወጻኢ ንምምባሩ ብተኸላኸልቲ ባርሴሎና ንዝተጻወደሉ ስልቲ፡ እናሰበረ ዝፈጠሮ ጸቕጢ ወጽኢታዊ ነይሩ። ብፍላይ ብክልተ ክንፊ ማስመር ምክልኻል ባርሴሎና ንዝነበሩ ካንሴሎን ኣሲፓርትን ጸቕጢ ብምፍጣር፡ ዕረፍቲ ከለኣሞም እዮም። በዚ ድማ፡ ካንሴሎ፡ ካብ ምክልኻል ሓሊፉ ንምግል እናሓገዘ ኣብ ማስመር መጥቃዕቲ ዝዑብሮ ዝነበረ ደገፉ፡ ክጎድል ተቐሲቡ።

#### 2. ኣብ ስዕረት ባርሴሎና ዝነበሩ ድኽመት ጎድኒታት

* ብሃንሲ ፍሊክ እትመራሕ ባርሴሎና፡ ኣጉዚብ ምክልኻላ ካብ ልዳታ ንላዕሊ ብምድያብ (High Defensive Line) እያ ትሰርሓሉ። እዚ ቅዲ ኩሉ ፈጣናት ኣጥቃዕቲ እንተረኺቦሞ፡ ሸቶ ንክተመዝገቡሉ ዝበለጸ እዩ። ምኽንያቱ ካብ ፍርቂ ሜዳ ዝተቐርጸት ኩዕሶ፡ ብቀጥታ ምስ ሓላዊ ልዳት ናይ ምርኻብ ዕድል ስለዘለዎ።




ኣብቲ ናይ ብቕድሚ ትማሊ ጸወታ ከኣ፡ ምባፐ፡ ካብ ጸወታ ወጻኢ (Offside) ከብልዎ ንዝጥቀምሉ ዝነበሩ ስልቲ ዝበዝሐ ግዜ ኣምኪኑ ሓደገኛ ዕድላት ክፈጥር ክኢሉ እዩ።

* ድኹም ምፍጻም ዕድላት (Clinical Finishing)፡ ባርሴሎና፡ ሚዛን ጸወታ ተቖጻጺራ፥ ዳርጋ ዕጽፊ ናይቲ ሪያል ማድሪድ ኩዕሶ ዝተቐባበሎ (363 ተጻወትቲ ማድሪድ ተቐባቢሎም፡ ተጻወትቲ ባርሴሎና 643 ሳዕ) ተቐባቢላ እያ፣ ብመዳይ ፈተነውን፡ 16 ሳዕ ፈቲና፣ ሽዱሽተ ኣብ ዕላማ። ማድሪድ፡ ትሽዓተ ፈተነ፡ ሓሙሽተ ኣብ ዕላማ።

ይኹን እምበር፡ ዕድላቶም ናብ ሸቶ ኣብ ምቕያር፡ ጽገም ነይሩዎም። ብዘይካ’ታ ራፊንያ ዘመዝገባ ሸቶ ድማ፡ ካልእ ከመዝግቡ ይኽእሉ ነይሮም።

ብዘይካ’ዚ፡ ማስመር ምክፍፋል፡ ወላ’ኳ ብምቁጽጻር ንጸወታ ልዑል እንተነበረ፥ ቅልጡፍ መልሰ መጥቃዕቲ ማድሪድ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ግን፡ ኣብ ምቁጽጻርን ምዝላልን ብዓቢኡ ንማስመር ምክልኻል ድጋፍ ኣብ ምሃብ ተራኡ ውሑድ ነይሩ። ከም ወጽኢቱ ናይ ተኸላኸልቲ ባርሳ ጾር ዝያዳ ከቢድ ገይሩዎ።

ብሓፈሻ እዞን ብብልጽግትን ዝጠዓሱ መንእሰያትን ተጻወትቲ ተተኻኢቲን ዘለዋ ክለብ ዘገጻብረቓኦ ጸወታ፡ ኣዛናዪ ነይሩ። ሪያል ማድሪድ፡ ዝያዳ ሰለዝኸሰበትሉ ከኣ፡ ክንጽር ሰለስተ ነጥቢ ብስሉ ልቦናዊ መዳይ ተዓዊታ እያ፡ ናብ ከተማኣ ማድሪድ ተመሊሳ። ዝነበረን ፍልልይ ከኣ፡ ካብ ሽዱሽተ ናብ ሰለስተ ነጥቢ ኣጉዲላቶ ትርከብ።

ዝሓለፈ ረቡዕ ብፒኤስጂ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝተሳዕረት ባርሳ፡ ብ27 ነጥቢ ንላ’ሊጋ ትመርሖ ኣላ፡ ናይ ከተማ ማድሪድ ክለባት ኣትሌቲኮን ሪያልን ከኣ፡ ብ25ን 24ን ነጥቢታት ብቕደም ተኸተል ይስዕባ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ዋዛ ዘይፈልጦ ሞሪኖ፡ ድሕሪ’ቲ ግጥም፡ “እዚ ዓወት ኑየም ምሉእ መዓልቲ ኣብ ዝነበርክዎ ሆቴል መጺኦም ክደርፉ ዝወዓሉ ደገፍቲ ባርሳ ወፍየዮ ኣለኹ። ነዛ ቀም ክብል እየም ከለኣሙኒ፣ እንተኾነ ንጋንታኦም ሰዒረያ - ወላ ቀም ኣይብል። የቐንየለይ እብሎም።” ክብል ተዛሪቡ።


ምባፐ፡ ኣብ መበል 87 ደቒቕ ንዘመዝገባ መዐወቲት ሸቶ እናጸንበለ

## ስፖርታዊ ውድድራት ጻሃዱታት ‘እዚ ምዕራብ’ ይቕጽል

ኣብ ከተማ ባረንቱ ዝሰላሰል ዘሎ ስፖርታዊ ውድድራት እዚ ምዕራብ፡ ብኩዕሶ እግሪ መርበብን ሰኪይትን ከምኡ’ውን ጸወታ ቸዝ ቀጺሉ።

ኣብ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ፡ ጋንታ ሰሮር፡ ካብ ኣሚር መሓመድ ዝረኸበታ እንኮ ሸቶ፡ ንገልዓሎ 1ብ0 ስዒራታ። ገልዓሎ ግን፡ ኣቐዲማ ብዘዋህለለቶ ጸብለልታ ሸቶ፡ ኣብ ግጥማት ኣውዲቕካ ምሕላፍ ህላወኣ ኣረጋጊጹ።

ኣብ ጸወታ ሂላልን ዛራን፡ ሂላል ካብ ስመንደር ኢሳቕ ኣብ መበል 28 ደቒቕ፡ ዛራ ከኣ፡ ካብ ዓድል እድሪስ ኣብ መበል 44 ደቒቕ ብዘቑጸረአን ሸቶታት፡ ናብ ዕረፍቲ 1ብ1 ወጺአን። ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ሂላል ካብ ሓምድ እድሪስ ብዘቑጸረታ ሸቶ ድማ፡ 2ብ1 ተዓዊታ ናብ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ሰጊራ።

ኣብ ጸወታ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰሮርን ገልዓሎን ገጢመን። ሰሮር፡ ካብ ሶልያና ተኽለማርያም ብዝረኸበታ ሸቶ ከኣ፡ 1ብ0 ተዓዊታ። ሂላል ድማ፡ ኣርባዕተ ሸቶታት ካብ ርዚና ኣሌክሳንደር፡ ክልተ ካብ ሶልያና የናስ ኣቑጺራ፥ ብዓብላሊ ጸወታ ንዛራ 6ብ0 ስዒራታ።

ኣብ ኩዕሶ መርበብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሰቲት ንኮኮብ 3ብ1፡ ዓደሽሩም ንከታይ 3ብ2፡ ሂላል ንሰሮር፡ ሰሞቲ ንቢሻ፡ ገልዓሎ ንደርማስ ድማ፡ ብተመሳሳሊ 3ብ0 ሰዒረንኦን።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ቢሻ ንሲሞቲ 2ብ1፡ ፈንቅል ንዋልታ፡ ኣወላ ንዓርኩ፡ ዓዲሽሩም ሃዋሻይት ብተመሳሳሊ 2ብ0 ሰዒረንኦን።

ብዘይካ’ዚ፡ ጸወታ ቸዝን ኩዕሶ ሰኪይት’ውን ተኻይዱ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ኩዕሶ ሰኪይት ደቂ ተባዕትዮ፡ ገልዓሎ ኣብ ልዕሊ ከታይ 56ብ40 ክትዕወት እንከላ፡ ዓዲሽሩም ንሰሮር ብጠፊሒ 95ብ8 ሰዒራታ።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ዱታ ንከታይ 55ብ17 ክትስዕራ እንከላ፡ ሂላል ንዓዲ ሽሩም 47ብ8 ሰዒራታ።

ኣብ ጸወታ ቸዝ፡ ሩፋኤል ኣብርሃምን በርሀ ዓንደማርያምን ካብ ጋንታ ዱታ ቀዳማይን ካልኣይን ክወጹ እንከለው፡ ቤንሁር ሰሎሙን ካብ ጋንታ ሳልምባ ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሰሸን ሰሎሙን ካብ ዱታ ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ሚካል ኣብርሃ ሄቨን ማሰፍንን ካብ ጋንታ ገርሴት ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዘን ዛዚመን።

መደብ ጸወታ

ሎሚ

ካራባኦ ካፕ ራብዓይ ዙርያ

ፍሊትዉድ - ኣርሰናል 11፡00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ንግዳዊ ዝምድና ህንዲን ሩስያን ይዓቢ

ኣብዚ ዓመት'ዚ፡ ኣብ መንጎ ህንዲን ሩስያን ዘሎ መጠን ንግዳዊ ልውውጥ ብልዕሊ 20 ሚእታዊት ከም ዝዓበየ፡ ኣቦ መንበር ታሕተዋይ ባይቶ ሩስያ - ቪያቸስላቭ ቮሎዲን ገሊጹ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲንን ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲን ንግዳዊ ርክብ ክልቲአን ሃገራት ንምሕያል ንዘውሰዱዎ ተበግሶ መጕሰ።

ንሱ ኣብ መግለጺኡ፡ ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ዘለዉ ንግዳዊ ዕንቅፋታት ክእለዩን ናይ ሓባር ንግዳዊ ትካላት ካብዚ ዘለውዎ ንላዕሊ ክሰፍሑን ጸዊዑ።

ሚኒስትሪ ንግዲ ህንዲ ብወገኑ፡ መጠን ክልተኣዊ ንግዳዊ ልውውጥ ናይተን ሃገራት ኣብ ቀዳሞት ሽውዓተ ኣዋርሕ



ናይ'ዚ ዓመት'ዚ 47.7 ቢልዮን ዶላር ከም ዝበጽሐ፡ እዚ ድማ ካብቲ ቀድሚ ሓደ ዓመት ዝነበረ መጠን ብ24.3 ሚእታዊት ዕቤት ከም ዘርኣየ ሓቢሩ።

ህንዲ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ዋጋ 44.9 ቢልዮን ዶላር ንግዳዊ ኣቑሑ ሩስያ ካብ ተእቱ ከሎ፡ ናይ ኣስታት 2.8 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ኣቕሑ ድማ ናብ ሩስያ ሰዲድ ከም ዝነበረት፡ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ኒውደልሂን ሞስኮን ክሳብ 2030 ኣብ መንጎአን ዘካይዳኦ መጠን ዓመታዊ ንግዳዊ ልውውጥ ናብ ኣስታት 100 ቢልዮን ዶላር ክብ ንምባል ይሰርሓ ከም ዘለዋ እዩ ዝግለጽ።

## ሩስያን ዩክሬንን ንሓድሕደን ይጠቓቕዓ

ዩክሬን ኣብ ዶብ ኣብ እትርከብ ከተማ ቤልጎሮድ ናይ ሩስያ መጥቃዕቲ ድሮን ድሕሪ ምኻዳ፡ ሰለስተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት 13 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰበ ማዚ ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ሩስያ ብወገና፡ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ዩክሬን ኣብ እትርከብ ከተማ ዛፖሪዝዝያ ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ ኣርባዕተ ሰባት ከም ዝቖሰሉ፡ ኣመሓዳሪ ናይቲ ዞባ ሚካይሎ ሶሚኪን ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ፡ ኣብ ከተማ ካርኪቭ - ዩክሬን ዝርከብ መደበር ሓይሊ ኤሌክትሪክን መኽዘንን ከምኡ'ውን ኣብ ዞባ ክመልኒትስኪ ዝርከብ ካልእ መደበር ሓይሊ ኤሌክትሪክ ብመጥቃዕቲ ድሮን ከም ዝተሃርመ ሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ በቲ ዩክሬን ኣብ ቤልጎሮድ



ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ 30 መንበሪ ህንጻታት፡ 35 መካይን፡ ሰለስተ ህንጻታት ምምሕዳር፡ ሸሞንተ ንግዳዊ ትካላትን ካልእ ኣገደስቲ ትሕተ ቅርጺታትን ናይታ ከተማ ከም ዝዓነወ፡ ኣመሓዳሪ ናይቲ ዞባ ኣሌክሳንደር ሹቫየቭ ኣመልኪቱ።

ኣመራጺ ዩክሬን ኣብ ልዕሊ መጻረዪ ትካላት ነዳዲ ሩስያ ተካይዶ ዘላ መጥቃዕቲ ዋጋ ጸዓት ንኽሓኵር ምኽንያት ይኸውን ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ደው ንኽተኣብሎ ብተደጋጋሚ ጸቕጢ ክትገብር ከም ዝጸንሐት እዩ ዝግለጽ።

ፕረዚደንት ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ግን ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ትካላት ጸዓት ሩስያ እተካይዶ መጥቃዕቲ ደው ከተብሎ እንተ ኾይና፡ ሩስያ'ውን ኣብ ትሕተ ቅርጺ ጸዓት ሃገሩ እተካይዶ መጥቃዕቲ ደው ከተብሎ ከም ዘለዋ እዩ ዝሓለፈ ሰሙን ኣጠንቂቑ።

## የርዳኖስ፡ ብመጥቃዕቲ ዝጠርጠረቶም ሰለስተ ሰባት ኣሲራ

ሓይልታት ጸጥታ የርዳኖስ በቲ ኣብ ዞባ ካራክ ኣብ ሓደ ቤት ክርስትያን ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ንዝጠርጠሩዎም ሰለስተ ዕጡቓት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዘእተዉ፡ ማዕከናት ዜና ናይታ ሃገር ጸብጺቦን።

እቶም ጥርጡራት፡ ድሕሪ መዓልታት ዝወሰደ ናይ ምድላይ ስርሒት ትማሊ ሰሉይ ኣልጀዲዳ ኣብ እትበሃል ቁሸት ኣብ ሓደ ገዛ ተሓቢኦም ከም ዝጸንሑ፡ ሰበ ማዚ ጸጥታ ናይታ ሃገር ሓቢሮም።

እቶም ጥርጡራት ኣደዎም ምዃብ ድሕሪ ምእባዮም ምስ ሓይልታት ጸጥታ ከም እተታኾሱ ዝጠቐሱ እቶም ሰበ ማዚ፡ ምስ ቆሰሉ ክትሓዙ ከም ዝኸኣሉ ገሊጾም።

ሓይልታት ጸጥታ የርዳኖስ "ሽበራዊ ንጥፈታት ኣብ ሃገርና ቦታ የብሉን" ድሕሪ ምባል፡ እቶም ጥርጡራት ግቡእ መቕጻዕቶም ክቕበሉ ምዃኖም ኣፍሊጦም።




ሚኒስተር ዜና የርዳኖስ መሓመድ ሞሚኒ ብወገኑ፡ ነቶም ጥርጡራት ንምሓዝ ዝተኻየደ ስርሒት ዕዉት ከም ዝነበረ ሓቢሩ።

ዝሓለፈ ዓርቢ፡ ኣብ ሓሙድ ዝተባህለት ቁሸት ኣብ እትርከብ ናይ ግሪክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ስነ ስርዓት ቀብሪ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ ግዜ፡ ሰለስተ ዕጡቓት ተኾሲ ድሕሪ ምኽፋቶም ሸሞንተ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት 40 ሰባት ድማ ከም ዝቖሰሉ ሚኒስትሪ ጥዕና የርዳኖስ ሓቢሩ ነይሩ።

ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት የርዳኖስ ማዘን ኣልፋራያ ድማ፡ ሰበ ማዚ ጸጥታ፡ እቶም ጥርጡራት መጥቃዕቲ ንኸካይዱ ዝደረኾም ምኽንያት ንምፍላጥ ኣብ ልዕሊኦም ዕቱብ መርመራታት የካይዱ ከም ዘለዉ ገሊጹ።

## ሖቲ፡ ንነቑጣታት ነዳዲ ስዑዲ ዓረብ ደብዲቦ

ሖቲ፡ ኣብቲ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ዝዘርጋሕ መስመር ሻምብቆ ነዳዲ ስዑዲ ዓረብን ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ሪያድን መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ ገሊጹ።

ሖቲ ኣብዚ መጥቃዕቲ ዘካየደ ዘሎ፡ ብስዑዲ ዓረብ ዝምራሕ ጥምረት ኣቐዲሙ ኣብ ሰንዓ - ርእሲ ከተማ የመን ኣብ ዝርከብ ክልተ መመንጨዊ ባሊስቲካዊ ሚሳይል ከበድ ዕንወት ዘውረደ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምፍጻሙ እዩ።

ሖቲ ባሊስቲካዊ ሚሳይላትን ድሮናትን ናይቲ ኣብ ሪያድ ዝርከብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ንጉስ ካሊድ፡ መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ ሓቢሩ።

ስዑዲ ዓረብ፡ ድሕሪ'ቲ ካብ ዓራቕ ከም እተበገሰ ዝገለጸቶ መጥቃዕቲ ድሮን፡ ነቲ 1200 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ ካብ ምብራቓዊ ናብ ምዕራባዊ ግዝኣታ ዝዝርጋሕ መስመር ሻምብቆ ነዳዲ፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣትሒዛ ንግዝኡ ዓጽያቶ ከም ዘላ እያ ጸብጺባ ናይታ ሃገር ዘረድኣ።

ስዑዲ ዓረብ ብተወሳኺ፡ እቲ የመናዊ



ተጠቒሙ ኣብ መዓርፎ ነፈርቲ ወደባትን ትካላት መጻረዪ ነዳዲን ስዑዲ ዓረብ መጥቃዕቲ ክካይድ ምጽንሑ እዩ ዝግለጽ።

እቲ ዕጡቕ ጉጅለ ብዘይካ'ዚ፡ ዝሓለፈ ሰሙን'ውን ኣብ ልዕሊ ክልተ ተርሚናላት ጉጅለ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ጎማጎም ባሕሪ የመን ስትራተጂያውያን ቦታታት ካብ ዝቆጻጸር ንደሓር፡ ኣብ ልዕሊኡ ተካየዶ ዘላ መጥቃዕቲ ኣጻዕዲዑዎ ከም ዘላ እዩ ዝነገር።

## ኣልጀርያ፡ ናብ ኒጀር ወተሃደራት ክትልእኽ ወሲና

ባይቶ ኣልጀርያ፡ ነቲ ብመንግስቲ ዝቐረበሉ - ናብታ ጎረቤት ዝኾነት ኒጀር ወተሃደራት ክለኣኹ ዝጠልብ እማመ ከም ዘጽደቖ ኣፍሊጡ።

እንተኾነ እቲ ባይቶ፡ ብዛዕባ ቁጽሪ ናይ'ቶም ናብ ኒጀር ዝዋፈሩ ወተሃደራትን ዝለኣኹሉ ግዜን ኣመልኪቱ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣይሃበን።

ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ፡ ኣልጀርያን ኒጀርን ወተሃደራውን ጸጥታውን ዝምድናአን ንምድልዳል ዘኽእለን ወተሃደራዊ ስምምዕ ከቲመን ምንባረን እዮም ሰበ ማዚ ክልተአን ሃገራት ዘረድኡ።

ኣልጀርያ ቀድሚ ክልተ ወርሒ'ውን ኣርባዕተ ስርሓት ሩስያ ዝኾና ነፈርቲ ውግእን ሓንቲ ዓባይ ናይ መጓዓዝያ ኣፋራትን ናብ ኒጀር ልኢኻ ምንባራ እዩ ዝግለጽ።

ተልእኾ ናይቶም ናብ ኒጀር ዝዋፈሩ ወተሃደራት፡ ኣብታ ሃገር ንዝርከብ መንግስታዊ ኩባንያ ጸዓት ኣልጀርያ ንምሕላው ምዃኑ እዩ ባይቶ ኣልጀርያ ዘመልከተ።

ኣባል ባይቶ ኣልጀርያ ዝኾነ ቤልካሰም ቦልጊቲ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ወተሃደራትና ኣብ ኒጀር ኩናት ንምክያድ ኣይኮኑን ንልእኾም ዘለና፡ ተልእኾኦም፡ ድሕነት ኣብታ ሃገር ዝርከብ ቁጠባዊ ትሕተ ቅርጽና ንምውሓስ እዩ" ክብል ገሊጹ።

ኣልጀርያ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ 1973 ዝተኻየደ ኩናት ሃገራት ዓረብን እስራኤልን፡ ወተሃደራታ ናብ ወጻኢ ሃገራት ልኢኻ ከም ዘይትፈልጥ'ዩ ዝነገረሉ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጕት | 27/10/2026 | ጎደና እምበረሚ 755፡ ከባቢ ሚ/ሪ ሕርሻ | 181672 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ   ቁ.ቴሌፎን 127565